*መማየጢ ሰነድ*
*Discussion Paper*

# *ኤርትራ ከም ዓደ'ቦ፤*
# *ጸገማትን ብድሆታትን ኣብ ታሪኽን ሎምን*

ተስፋጽዮን መድሃኔ (ፕሮፌሰር)

ብረመን ዩኒቨርሲቲ፣ ጀርመን

ብረመን፡ ሰፕተምበር፡ 2012

# *መብርሂን ምስጋናን*

*እዚ ጽሑፍ'ዚ ነቲ ካብ 5 ክሳብ 7 ጥቅምቲ (ኦክቶበር) ኣብ ከተማ ካስል፣ ሃገረ-ጀርመን፡ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ፡ ንምስረታ ግንባር ዓደ'ቦ ሓርነት ኤርትራ ዝርኢ ጉባኤ ኣብ ግምት ብምእታው ዝተዳለወ ምርምር ኢዩ፡፡ ዕላምኡ ከኣ ኣብ'ቲ ዝተባህለ ጉባኤ ይኹን ኣብ ካልእ ጊዜን ቦታን ዝካየድ ንዓደቦነት ኤርትራ ዝምልከት ምይይጥ ንኽህብትም ብመጠኑ ኣስተዋጽኦ ምግባር ኢዩ፡፡ በዚ ምኽንያት'ዚ ኢዩ **“መማየጢ ሰነድ”** ተባሂሉ ኣቐዲሙ ዝዝርጋሕ ዘሎ፡፡*

*እዚ መጽናዕቲ'ዚ ኣነ ከም ውልቀ-ሰብ ዝወሰድኩዎ ተበግሶ ኢዩ፡፡ ዝደፋፈኦ ወይ ዘዋፈሮ ምንቅስቓስ ይኹን ውድብ ሓደ'ኳ የልቦን፡፡ ንትሕዝቶኡ ኰነ ንዝርግሐኡ ብዝምልከት እቲ ሓላፍነት ብሙሉኡ ናተይ ጥራይ ሙኻኑ እሕብር ኣለኹ፡፡*

*ነዚ ጽሑፍ'ዚ ኣዳልየ ንኽውድእ፡ ኣስማቶም ምጥቃስ ዘየድልየኒ ፈተውቲ ብዝተፈላለየ መንገዲ ኣገዳሲ ምትሕብባር ገይሮምለይ ኢዮም፡፡ ገሊኦም ሰነዳት ሰዲዶምለይ፡ ገሊኦም ሓበሬታታት ኣቐቢሎምኒ፡ ገሊኦም ከኣ እቲ ጽሑፍ ንድፊ ከሎ ተወኪሰዮምስ ኣገዳሲ ሕቶታት ኣቕሪቦምለይ፡ ርእይቶታት ከኣ ለጊሶምለይ፡፡ ንኹሎም ካብ ልቢ ኣመስግኖም፡፡*

*ተስፋጽዮን መድሃኔ*

ብረመን፣ ሰፕተምበር 2012

# ኤርትራ ከም ዓደ'ቦ፤
# ጸገማትን ብድሆታትን ኣብ ታሪኽን ሎምን

ተስፋጽዮን መድሃኔ
ብረመን፣ ጀርመን

በዚ ሎሚ ብዝዕባ ሃገሩ ወረ ክሰምዕ ብሃረርታ ዝጽበ ኤርትራዊ ውሑድ'ዩ ወይ እናወሓደ ይኸይድ ኣሎ። እቲ ዝፍኖ ዜናታት ዘሕዝነናን ዘሸቑርረናን ጥራይ ኢዩ። ኣብ ፍሉጣት ኣህጉራዊ ማዕከናት ዜና ከይተረፈ፡ ሃገርና፡ - ወርትግ ክበሃል ይከኣል - ምስ መከራን ዕንወትን ብዝተተሓሓዘ ኣርእስቲ ጥራይ ኢያ ትጥቀስ። ራህዋን ቅሳነትን ዝብላ ኣምራት ንኤርትራ ጓኖት ኰይነን ኣለዋ።

ህዝብና ኣብ'ቲ ዝኸፍአ ክግመት ዝከኣል ሓሳረ-መከራ ከምዝርከብ ዳርጋ ኩሉ ሓቀኛ ተዓዛቢ ዝምስክሮ ኢዩ። ሕብረተ-ሰብና ብሙሉኡ፡ ብኹሉ መዳያት ኣብ ታሪኹ ተራእዩን ተሰሚዑን ብዘይፈልጥ መጠን ይጭቆን፡ ይሳቐ፡ ይሕምተል ኣሎ። ሃገር ህጹጽ ረድኤት ትሓትት ኣላ። ህዝባ ብመልክዕ ግንባር ዓደ'ቦ ተወዲቡ ህላዌኣ ንምድሓን ክቃለስ ጥርዓና ተቕርብ ኣላ።

እዚ ኩነታት'ዚ እምበኣር ብዛዕባ ዓደቦነት ኤርትራ ክንመራመርን ክንማየጥን ይዕድመና ዘይኰነስ ይማሕጸነና ኣሎ። ከም ምጡን ምላሽ ነዚ ምሕጽንታ'ዚ ኣነ እውን *"ኤርትራ ከም ዓደ'ቦ፣ ጸገማትን ብድሆታትን ኣብ ታሪኽን ሎምን"* ብዝብል ኣርእስቲ፡ ንምይይጥ ክሕግዝ ዝተሃቀነ መልእኽቲ እዝርግሕ እነሆ።

*መልእኽተይ ቅድሚ ምጅማር ግን ንሕልፈተ-ህይወት መራሕ-መንግሥቲ ኢትዮጵያ ነበር ኣቶ መለስ ዜናዊ ብዝምልከት ሓጻር ቃል ከስምዕ ኣገዳሲ ይመስለኒ።*

እዚ ሰሙናት'ዚ ተኸታተልቲ ፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንሕልፈተ ህይወት መራሕ-መንግስቲ ኢትዮጵያ ነበር፡ ኣቶ መለስ ዜናዊ፡ ብዝርኢ ግምገማን ቃለ-ምስክርነትን ዝህቡሉ ዘለዉ እዋን ኢዩ። ብዙሓት ኢትዮጵያውያንን ኤርትራውያንን ጥራይ ከይኰነ ፍሉጣት ወጻእተኛታት እውን ንዝተሰምዖም ሓዘን መጠን ምረቱ ብዝፈላለ ቛንቋ ክገልጹ ቀንዮም ኢዮም።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ኣነ እውን ኣብ ልዕሊ ገለ ካብ'ቲ ፖለቲካዊ ዕላማታትን ንጥፈታትን ኣቶ መለስ ዝነበረኒ ዘይዕግበትን ነቐፌታን ብዘየገድስ፡ ኣብ ንኡስ'ዩ ክበሃል ዝከኣል ዕድሜኡ ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ምፍላዩ ዘሕዝነኒ ሙኻኑ ክገልጽ እፈቱ። ንቤተ-ሰቡን ንወገኑን ከኣ ጽንዓት እምነየሎም።

ኣቶ መለስ ኣብ ንኡስ ዕድሜኡ ምማቱ ዝሓዝነሉ ዘተፈላለየ ምኽንያታት ኣሎኒ፣ ሓደ ካብ'ቲ ምኽንያታት እዚ ዝስዕብ'ዩ። እንታይነትን ሳዕቤናትን ናይ'ቲ ኣቶ መለስ ንኤርትራ ብዝምልከት ዝተኸተሎ ፖሊሲ ኣከራኻሪ ኢዩ። ሕጂ ኣብ ዝርዝር ናይ'ዚ ጉዳይ'ዚ ክኣቱ ኣይደልን ኢየ። ንነጻነት ኤርትራ ሓላዪ እናመሰለ ብተግባር ሃሳዪና ዝኾነ ገለ መደባት ከምዘዋፈረ ግን፡ እንተዘይተቐየምኩሉ እኳ፡ ክርስዕ ኣይክእልን'የ። ዕድመን ጥዕናን ሂቢዎ ነይሩ እንተዝኸውንስ፡ ድሕሪ ገለ ዓመታት ሰፊሕ ተሞክሮን ዓሚቑ ብስለትን ኣጥሪዩ፡ ኩላትና ክንገብሮ ከምዝግባእ፡ ነቲ ዝሓለፈ ተግባራቱ ዳግመ-ርእይቶ ገይሩ ምስቶም

*ዝተበደሉ ኣካላት ምናልባት ክረዳዳእ ምኽኣለ ነይሩ ኢለ እግምት። ነዚኣ ንኽገብር ዕድል ብዘይምርካቡ ኣዚየ እሓዝን።*

*ኣቶ መለስ ኣከራኻሪ ዝኾነ ውርሻ ገዲፉ ሓሊፉ ኣሎ፣ ገለን የመስግንዎን ይምርቕዎን፣ ገለን ከኣ ይወቕስዎን ይረግምዎን ኣለዉ። ብዙሕ ጊዜ መራሕቲ ክሓልፉ ከለዉ እቲ ብዛዕባኦም ዝወሃብ ሚዛናት ፍልልያት ኣለዎ፣ ገሊኡ ናብ ኣዎንታ፡ ገሊኡ ኸኣ ናብ ኣሉታ ዝዛዙ ይኸውን። እዚ ሓቂ ኢዩ፣ እንተኾነ ግን እቲ ንኣቶ መለስ ብዝርኢ ዘሎ ፍልልያት ኣመና በሊሕን ገፊሕን ብሙኻኑ፡ ኣገራሚ እኳ እንተዘይኮነ፡ ዕሙቕ ዝበለ ትርጉም ዘለዎ ኢዩ።*

*ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘለዉ ኤርትራውያን እውን ንመዋቲ ብዝምልከት ምስጋና ዝዓዘዞ ርእይቶታት ከስምዑ ቀንዮም ኢዮም። ኣብ ባህልና ሕልፈተ ህይወት - ማለት ሞት - ረዚን ተረኽቦ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ይመስል፡ ሓደ ሰብ ክሓልፍ ከሎ፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ ነቲ ናይ ህይወቱ ኣዎንታዊ ጕኒታት ጥራይ እናኣጉላሕካ ምፍናዉ ልሙድ ስነ-ስርዓት ነይሩን ኣሎን። እዚ ሓቂ እንተኾነ እኳ፡ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ገለ ኤርትራውያን ተቓወምቲ ብዛዕባ ኣቶ መለስ ዘቕረብዎ ጽሑፋት ዘተሓሳስብ ሸነኻት ነይሩዎ። ብፍላይ እቲ ኣብ ልዕሊ ሰውራና ንዝተፈጸመ ገበናት ዝረስዐ፡ ብትሕዝቶኡ ከኣ ምስ ዓደቦነት ኤርትራ ዘይሳነ ዝመስል መግለጺታት ቁሩብ ኣሰኪፉኒ ኢዩ።*

*ነዚ ሸነኻት'ዚ ከስተብህለሉ ዝኽኣልኩ ከም ኣጋጣሚ ኢዩ። ነቲ ብገለ ኤርትራውያን ተቓወምቲ ዝተጻሕፈ መግለጺታት ዝረኣኹዎ ነዚ ንባህርይን፡ ጸገማትን፡ ብድሆታትን ዓደቦነት ኤርትራ ዝርኢ መልእኽቲ እናኣዳለኹ ዝነበርኩሉ ጊዜ ኢዩ። እቲ ዝነድፎ ዝነበርኩ ሓሳባትን እቲ ዘንብቦ ዝነበርኩ ጽሑፋትን ፍልልይ ስለዝነበሮ ብዛዕባ እቲ ሕቶታት ዝያዳ መጽናዕቲ ንኽገብር ተገደድኩ። እቲ ኣጋጣሚ'ቲ እምበኣር ነዚ ናይ ሎሚ ኣርእስቲ ብዝዓሞቐ ንኽመራመረሉን ብዝበርሀ ንኽገልጾን ዕድል ከምዝሃበኒ ክሕብር እደሊ።*

**- ፩ -**

*ኣብ ኣርእስትና ንእቶ። መልክዕ ግንባር ዓደ'ቦ ዘለዎ መድሓኒ ሓይሊ ኤርትራ ትሓትት ኣላ። ንምንታይ ግንባር ዓደ'ቦ? ዓደ'ቦ ክበሃል ከሎ፡ ደሓር ብሰፊሑ ከምዝግለጽ፡ እቲ መሬትን ህዝብን ጥራይ ከይኮነ እቲ ባህሉን ክብርታቱን፡ ኮታ ታሪኹን ስልጣነኡን ብሙሉኡ ዘጠቓለለ ኢዩ። ንኤርትራ ብዝርኢ ሕጂ እዚ ኹሉ ኣብ ሓደጋ ኣሎ። እታ ሃገር ብቐንዳ ከይትጠፍእ፡ እቲ ሕብረተ-ሰብ ከኣ ብሱሩ ከይበርስ ኣብ ዘስግኣሉ ኩነታት ኢና ዘሎና። በዚ እዋን'ዚ እምበኣር ኤርትራ ዝዓደቦኡ ዘበለ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ክዋፈር ይጥለብ ኣሎ።*

*ኤርትራ ሓንቲ ስሉስ-ዓለማዊት ሃገር ኢያ። ብናታ ውሽጣዊ ታሪኻዊ መስርሕ ከይኮነስ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጣልያን ብላዕሊ መጺኡ ለጋጊቡ ዘቖማ ሰብ-ሰርሓ ኣካል ኢያ። ቅድሚ መግዛእቲ ጣልያን እዛ ናይ ሎሚ ኤርትራ ሓንቲ ሃገር ኣይነበረትን። የግዳስ እቲ ከበሳ ኣካል ሰሜን ኢትዮጵያ (ወይ ኣቢሲኒያ) ኢዩ ዝነበረ፤ እቲ ምዕራባዊ ቆላ ኸኣ ዓዲ ዝተፈላለዩ ርእሰ-ምምሕዳር ዝነበሮም ብሄረ-ሰባት ኰይኑ፡ መብዛሕትኡ ምስ'ዚ ሎሚ ማእከላይን ምስራቕን ሱዳን እንብሎ - ሰናር ሓዊስካ - ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ዝኸሰት ዝምድናታት ዝነበሮ ኢዩ።*

*መግዛእቲ ጣልያን ብ*1941 *ምስ ኣብቅዐ፡ ታሪኽ ይድግፈና ኢዩ እናበላ ከም ኢትዮጵያን ግብጽን ዝኣመሰላ መንግስታት፡ ኤርትራ ወይ ገለ ሸነኻታ፡ ንዓታተን ክወሃብ ሓተታ፣ እንግሊዝን ጣልያንን እውን ነናተን ጥቕምን ስትራተጅን ነይሩወን ኢዩ። እምበኣር በቲ*

እዋን'ቲ ኢዩ ኤርትራ ሉዓላዊት ዓደ'ቦ ንሙኽኣን ትበቅዕ ዲያ ወይስ ኣይትበቅዕን ዝብል ፈታኒ ሕቶ ብተግባር ዝተቐልቀለ፡፡

ነቲ ኩነታት ንምርዳእ ፖለቲካዊ ሃዋህው ኤርትራ ከመይ ከምዝነበረ ምዝካር የድሊ፡፡ ጣልያን ምስተሳዕረ እንግሊዝ ንሓይልታት ኪዳን ብምውካል ንኤርትራ ሓዘ፤ ነዊሕ ከይጸንሐ ኸኣ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ተኸለ፡፡ እዚ ምምሕዳር'ዚ መጻኢ ዕድል ኤርትራ እንግሊዛውያን ኣብ'ቲ ዞባ ንዝነበሮም ሓዲሽ-መግዛእታዊ ጥቕሚ ብዘገልግል መገዲ ንኽውሰን ዝከኣሎ ገበረ፡፡

ንሜላ እንግሊዛውያን ንምርዳእ ንኢትዮጵያ ብዝርኢ ኢጣልያውያን ሃንደስቲ ፖሊሲ ካብ ቅድም ጀሚሮም ሓንጺጸመን ዝነበሩ ክልተ መምርሒታት ምግንዛብ የድሊ፡፡ ንሳተን ከኣ ***"ፖለቲካ ሸዋና"*** ን ***"ፖለቲካ ትግርኛ"*** ን ዝበሃላ ዝነበራ ኢየን፡፡ ፖለቲካ ሸዋና ብናይ ኢጣልያ ቤት-ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ዝምረጽ ዝነበረ ኰይኑ፡ እቲ ዘዋጽእ ስልቲ - ብመንጽር ጥቕሚ ኢጣልያ - ኣብ ሞንጎ ንጉሠ-ነገሥት ኢትዮጵያን እተን ምስ ኢትዮጵያ ዘጐራበታ ግዙኣት ኢጣልያ ዝነበራ ሃገራትን ጽቡቕ ዝምድና ከምዝህሉ ምግባር'ዩ፣ እዚ ንኽሰልጥ ከኣ ፖሊሲ ኢጣልያ ስልጣን ኣብ "ዙርያ ኣዲስ-ኣበባን" መኳንንቲ ሸዋን ንኽጥቕለል ምሕጋዝ ኢዩ ክኸውን ዘለዎ ዝብል'ዩ ነይሩ[1]፡፡

"ፖለቲካ ትግርኛ" ግን ብናይ ኢጣልያ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ኮሎኒ ዝድገፍ ኰይኑ ተጻራሪ ናይ ፖለቲካ ሸዋና ኢዩ ነይሩ፡፡ ትርጉም ወይ ትሕዝቶ ናይ'ዚ ኣምር'ዚ ኸኣ ንኢትዮጵያ ንምቁጽጻር፡ ነቲ ማእከላይ መንግስቲ - ማለት ንመንግስቲ ሸዋ - ንዝነጽጉ ወይ ንዝቃወሙ ወገናት ምትብባዕን ምድጋፍን'ዩ ዘዋጽእ ዝብል ኢዩ ነይሩ፡፡ ንትግራይ ብዝምልከት እቶም ልምዳውያን ገዛእታ ሓይሎም ከምዝድልድል ጌርካ ቁጽጽር መንግስቲ ሸዋ ከምዝልሕልሕን ዝደክምን ምግባር ኢዩ ነይሩ መርገጽ *ፖለቲካ ትግርኛ*፡፡

እንግሊዛውያን ኣብ ኤርትራ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ተኺሎም ኣብ ዝነበሩሉ ጊዜ ነታ ብ1941 ካብ *መግዛእቲ ጣልያን* ሓራ ዝኾነት ኢትዮጵያ እውን ብሓዲሽ *መግዛእታዊ መልክዕ ክቆጻጸሩዋ* ይፍትኑ ነበሩ፡፡ *ነዚ ንምትግባር* ከኣ ካብተን ኣብ ላዕሊ ዝተገልጻ ክልተ *ሜላታት ነታ "ፖለቲካ ትግርኛ"* ትበሃል *መሪጸም፡ መምርሒቶም* ገበሩዋ፡፡ ንጉዳይ ኤርትራ ከኣ ንፖለቲካ ትግርኛ ብዘገልግል ሜላታት ቀረብዎ፡፡

ወተሃደራዊ *መንግስቲ* እንግሊዝ ኣብ ኤርትራ ዝተኸተሎ *መምርሒ ፖለቲካ ትግርኛ* ኰይኑ ቀንዲ ሸቶኡ ከኣ "ንትግራይ ምስ ኤርትራ ምልቃብ" ኢዩ ነይሩ፡፡ ትግራይ ዳርጋ ተፈልያ ምስ ኤርትራ ምስተደመረት ክልቲኤን "ሃገረ-ትግራይ" ዝበሃል የቑማ፡፡ እዚ ሃገር'ዚ ኣብ ትሕቲ ሓለዋ እንግሊዝ ኰይኑ ምስ ዘይምእክልቲ ኢትዮጵያ ልሕሉሕ ዝምድና ይህልዎ፡፡ ምስ'ዚ ዝተተሓሓዘ ንኤርትራ ናይ ምጉዝዛይ *መደብ* ከኣ ነይሩ፡፡ እቲ *መደብ* ኤርትራ ኣብ ክልተ ወይ'ውን ሰለስተ ክትምቀል ኢዩ ነይሩ፡፡ ምዕራባዊ ቆላ ንሱዳን ክወሃብ ተሓሲቡ ነይሩ፤ ሱዳን በቲ እዋን'ቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር እንግሊዝ ኢያ ነይራ፤ ተተኣማምን ደጀን ተባሂላ ከኣ ትግመት ነይራ[2]፡፡ ብተወሳኺ በዚ *መደብ'ዚ* ካብ ምጽዋዕ ንደቡብ ዘሎ ገማግም ባሕሪ ብኹሉ ንኢትዮጵያ ክኣቱ ተባሂሉ ነይሩ[3]፡፡ እቲ ከበሳ - ክሳብ ምጽዋዕ ዘሎ መሬት ሓዊስካ - ኢዩ ምስ ትግራይ ተደሚሩ "ሃገረ-ትግራይ" ከቕውም ተገሚቱ ዝነበረ፡፡

ነዚ *መደብ'ዚ* ንምትግባር ወተሃደራዊ ኣማሓዳሪ ኤርትራ ዝነበረ፡ ስተፈን ሎንግሪግ *"ሃገራውነት ትግራይ"* (Tigrean nationalism) ንዝብል ኣምር ተንቀሳቐሰሉ፤ ኣብ ፖለቲካ

1. *ሃጋይ ኤርሊክ ገጽ* 195
2. *ከማሁ*
3. *ከማሁ ገጽ* 222

ኤርትራ ከምዝታኣታቶ ኸኣ ገበረ፡፡ እኳ ደኣ እንግሊዛውያን ኣብ'ቲ ትግርኛ ዝዛረብ ክርስትና ዝሃይማኖቱ ህዝቢ ከበሳ ናይ ትግራይነት ስምዒት ንኸሰፍን ብዙሕ ተንቀሳቐሱ[4]፡፡

እዚ ዕላማ'ዚ መታን ክሰልጥ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ኣትዩ ኣብ ክትዕን ቆይቍን ክርከብ ነይሩዎ፡፡ እዚ መታን ክኸውን ኢሎም እንግሊዛውያን ናይ ፕረስ ነጻነትን ፖለቲካዊ ማሕበራትን ብቑልጡፍ ከምዝቐውም ገበሩ[5]፡፡ ሕራይ፡ እዚኢታት ንገዛእ ርእሱ ተደላዩ ኢዩ፣ ንምዕባለ'ውን ሓጋዚ ኢዩ፤ እንግሊዛውያን ዘተኣታተዉዎ ግን ንጥቕሞም - ማለት ህዝብና ክናቖት - ብማለት ከምዝነበረ ምዝካር ኣገዳሲ ኢዩ፡፡

ሃዋህው ፖለቲካ ኤርትራ ብናይ እንግሊዛውያን ውዲት ተላዕጢጡ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ኢዮም ኣቦታትና ኣብ ምውሳን መጻኢ ዕድል ሃገሮም ብንጡፍ ዝተዋፈሩ፡፡ ኤርትራ እንታይ ትኹን ኣብ ዝብል ሕቶ ምፍልላዮም ዘይተርፍ'ዩ ነይሩ፣ ተፈላለዩ ኸኣ፡፡ ገሊኦም ሙሉእ ምጽንባር (ኣንድነት) ምስ ኢትዮጵያ፣ ገሊኦም ሙሉእ ነጻነት፣ ገሊኦም ፕሮተክቶረት - ማለት፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርን ሓለዋን ናይ ሕቡራት መንግስታት ይኹን ወይ እንግሊዝ ይጠልቡ ነበሩ፡፡ ነቲ ንኤርትራ መቓቒልካ ንሱዳንን ኢትዮጵያን ምዕዳላ ዝብል ንህላዌ ሃገርና ዘዕርብ ሓሳብ ከኣ መዋፈርቱ ከይተሓለሉ የንበንብድዎ ነይሮም፡፡

- ፬ -

ነጻነት ኤርትራ ይጠልቡ ካብ ዝነበሩ ማሕበራት ፖለቲካ ሓደ እቲ ዕላዊ ስሙ *"ማሕበር ነጻነትን ዕብየትን ኤርትራ - ኤርትራ ንኤርትራውያን"* ኰይኑ: ብሓጺሩ ግን *"ኤርትራ ንኤርትራውያን"* ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ (እንግሊዛውያን ከኣ ሊበራል ፕሮገረሲቭ ፓርቲ ዝበልዎ) ውድብ ኢዩ፡፡ ጠለብ ወይ እውን መርገጽ ናይ'ዚ ማሕበር'ዚ - ብፍላይ ኣብቲ ናይ ፈለማ መድረኻት - ኤርትራ ምስ'ቲ ኣብ ደቡባዊ ስግር መረብ - ማለት ኣብ ትግራይን ክኒኡን - ዘሎ ትግርኛ ዝዛረብ ህዝቢ ዘለዎ ዓዲ ተደሚራ *"ድሕሪ ምግዚትነት ብሪጣንያ"* ሉዓላዊት ሃገር ክትከውን ዝብል'ዩ ነይሩ[6]፡፡ እዚ እቲ ትግራይ-ትግርኚ ተባሂሉ ዝጥቀስ መምርሒ (ፕላትፎርም) ኢዩ፡፡

"ኤርትራ ንኤርትራውያን" እምበኣር ናይ ትግራይ-ትግርኚ "ጭርሖ" ጥራይ'ዩ ነይሩ[7]፡፡ እታ ተሓሲባ፡ "ብሄረ-ኣግኣዚ" ወይ ከኣ "ምድረ-ኣግኣዚ" ተባሂላ'ውን ትጥቀስ፡ ዝነበረት ኣካል እዛ እንፈልጣ መረብ-ምላሽ ዘላ ሃገር ከይኰነትስ ብምስራቕ ኣለውሃ-ምላሽ ብምዕራብ ከኣ ተከዘ-ምላሽ ብኹላ ማለት ኢያ ነይራ፡፡ ደሓር ግን ብምኽንያት ገለ ምዕብልናታት፡ ጸኒሕና ከምእንርእዮ፡ ኣብ ማሕበር ኤርትራ ንኤርትራውያን ከቢድ ፍልልያት ተረኺበ'ሞ ኣለውሃ ምላሽ ዝብል ጠለብ'ውን እናቐሃመ ከደ፡፡

እቲ ዕላማን ጠለብን ናይ'ቲ ትግራይ-ትግርኚ ዝበሃል ዝነበረ ምንቅስቓስ ብመንፈሱ እንታይ ከምዝነበረ ግን ኣዕሚቕና ምፍላጥ ከድልየና ኢዩ፣ ታሪኽ ምናልባት ይድገም ከይህሉ!!

ትግራይ-ትግርኚ፡ ከም ኣገላልጻ ፕሮፌሰር ኣለም-ሰገድ ኣባይ፡ ሓደ ኣብነት ናይ'ቲ *ሪሶረጂሜንቶ ናሺናሊዝም*፡ ማለት ናይ ምብርባር ወይ ትንፋስ ናይ ምምላስ ሃገራውነት ተባሂሉ ዝፍለጥ ኢዩ[8]፡፡ *ሪሶርጂሜንቶ* ብ 19 ክፍለ-ዘመን ኣብ'ዚ ሕጂ ኢጣልያ ዝበሃል ዘሎ ከባቢ ዝተኻየደ ምንቅስቓስ ኢዩ፡፡ ክሳብ 1870 ዓ. ም. ኣብ'ዚ ከባቢ'ዚ ቋንቋ ጣልያን

4. ከማሁ ገጽ፡ 225
5. ከማሁ፡ ገጽ 225-226
6. ኣለምሰገድ ተስፋይ ገጽ 225
7. ኣለምሰገድ ኣባይ፤ 1997፤ ገጽ 325
8. ከማሁ፤ ገጽ 153፡፡

ዝዛረቡ ኣህዛብ ኣብ ዝተፈላለያ ናኣሽቱ ግዝኣታት ኢዮም ፋሕ ኢሎም ዝነበሩ፡፡ እቲ ሪሶርጂመንቶ ዝተባህለ ምንቅስቓስ እምበኣር ነቶም ኩሎም ጣልያን ዝዛረቡ ኣብ ዝተፈላለየ ግዝኣታት ዝነበሩ ኣህዛብ ኣኻኺብካ ሓንቲ ኢጣልያ ትበሃል ሃገር ንሙቛም ዝካየድ ዝነበረ ባህላውን ፖለቲካውን ተበግሶ ኢዩ፡፡

ንኤርትራ - ማለት ንምንቅስቓስ ትግራይ-ትግርኚ - ብዝርኢ እዚ እንታይ ማለት ነይሩ? እዚ ማለት ካብ ግዜ ስልጣነ ኣኽሱም ጀሚሩ እዚ ትግርኛ ዝዛረብ ህዝቢ ናቱ ባህሊ፡ ሃይማኖት፡ መንነታዊ ስምዒት ዝነበሮን ዘለዎን፡ ክተኣታቶ ዝጸንሐን ዘሎን ብሙ኿ኑ ሓደ ሃገር ክኾውን ኣለዎ ማለት'ዩ ዝነበረ፡፡ ኣለምሰገድ ኣባይ ከምዝብሎ፡ ሰረተ-እምነት ትግራይ-ትግርኚ "ኣብ ፍልማውነት ወይ ጥንታውነት ዝተመስረተ ኰይኑ ትግርኛ ዝዛረብ ዘበለ ኩሉ ኣብ ትሕቲ ሓደ ፖለቲካዊ ናሕሲ" - ማለት ኣብ ትሕቲ ጽላል ሓደ ሃገር - ናይ ምጥርናፉ ፍልስፍና ኢዩ ዝነበረ[9]፡፡

ድሕሪ መፈጸምታ ካልኣይ ውግእ ዓለም፡ እቶም ኮሚሽን ኣርባዕተ ሓያላት - ፎር ፓወር ኮሚሽን - ዝበሃሉ ወከልቲ ኣመሪካን ሩስያን ፈረንሳን እንግሊዝን ድልየት ህዝብና ንምርግጋጽ ንኤርትራ ምስከዱ ማሕበር ኤርትራ ንኤርትራውያን ናብኣቶም መተሓሳሰቢ ወይ መዘክር ኣቕረበ፣ ኣብ'ቲ መዘክር *ትግራይ ብ "ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን፡ ባህልን፡ ታሪኽን ንግዳዊ ርኽክባትን" ከም'ቲ ቀደም'ውን ዝነበረቶ "ኣካል ኤርትራ ኢያ"* ብምባል ምስ'ቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ "ንትግራይ ምስ ኤርትራ ምልቃብ" ዝብል መደብ እንግሊዝ ሰጢሙ ዝሳነ መርገጽ ኣስምዐ[10]፡፡ ኣዚዩ ብዝበርህ ቛንቛ ከኣ ንሰረተ-እምነት ትግራይ-ትግርኚ ከምዚ ዝስዕብ ገይሩ ኣንጸባረቐ፡፡

> *"ኩሉ'ቲ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ውግኣት፣ ኣንጻር ግብጻውያን ይኹን ኣንጻር ጣልያን፣ ከምኡ እውን ኣብ መተማ ኣንጻር ደርቡሽ ዝተኻየደ ውግእ ብህዝብን ዓበይቲ ዓድን (ወይ መኳንንቲ) ኤርትራን ትግራይን ኢዩ እምበር ብደቂ ሽዋ ኣይኰነን፡፡ እዚ ዝሕብሮ እቲ ጂኦግራፊያውን ኤትኒካውን (ወይ ዓሌታውን) ታሪኻውን ድሕረ-ባይታ (ወይ መበቆል) ናይ'ዚ ትግርኛ ዝዛረብ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ሽዋ ሓንቲ ዘራኽብ (ወይ ናይ ሓባር) ከምዘይብሉ ኢዩ፡፡ ብዛዕባ ናይ ቀደም ክንዛረብ እንተኾይኑ፡ እቲ ጥንታዊ ስልጣነ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራን ትግራይን (ኣኽሱም) ኢዩ ዝመንጨወ እምበር ካብ ሽዋ ተበጊሱ ንሰሜን ኣይመጸን፡፡ደቂ ሽዋ በቲ እዋን'ቲ ዘይሰልጠኑ ሰበኽ-ሳግም (ኖማድስ) ኢዮም ዝነበሩ፡፡ እኳ ደኣ በቲ ግዜ'ቲ ሽዋ ናይ'ዞም ትግርኛ ዝዛረቡ ህዝቢ ግዝእቲ (ኮሎኒ) ከምዝነበረት ብርግጸኛነት ክጥቀስ ይግባእ፡፡"[11]*

እዚ ኣበሃህላ'ዚ ዘብርሆ ነጥቢ እቲ መምርሒ ናይ ኤርትራ ንኤርትራውያን፡ ከምቲ ፕሮፌሰር ተኽስተ ነጋሽ ዝብሎ፡ ኣብ *"ተዘክሮ ጥንታዊ ሞገስን ክብርን ህዝቢ ትግራይን ኣብቲ እዚ ህዝቢ'ዚ ቀደም ኣብ ሃገረ ኢትዮጵያ ዝነበሮ ልዑል ወይ መሪሕ ቦታን ዝተመስረተ"* ምንባሩ ኢዩ[12]፡፡ እዚ መርገጽ'ዚ ናይ ልዕልና ወይ ትምክሕቲ መንፈስ ዝተሓወሶ ከምዝነበረ እውን ብሩህ'ዩ፡፡ ብተወሳኺ፡ ንመንግስቲ ሽዋ ዝነጽግ ውጹእ መርኣያ ፖለቲካ ትግርኛ ኢዩ ነይሩ፡፡

ምስ'ዚ ብዝተተሓሓዘ ክጥቀስ ዘለዎ ነጥቢ ኣሎ፣ ገሊኦም ካብ ኣቦታትና ኤርትራ ንኤርትራውያን ክብሉ ከለዉ ኣበሃህላኦም ናይ ኢሪደንቲዝም - ማለት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ካልእ ሃገር ንዘሎ መሬት ናትና ኢዩ ኢልካ ኣብ ግዝኣትካ ንኽተእትዎ ምምካት - ሽነኽ

---

9. ከማሁ፣ ገጽ 163
10. ኣለምሰገድ ኣባይ፣ (1997)፣ ገጽ 325
11. ተኽስተ ነጋሽ፡ ኣብ ገጽ 170 ከምዝጠቐሶ
12. ከማሁ፡ ገጽ 161

ነይሩዎ፡፡ እቲ መሬት እቲ ኸኣ ኣብዚ ሕጂ ኣብ ምስራቕ ሱዳን ዘሎ - ከሰላ እንኳላይ ዝርከቦ - መሬት'ዩ ነይሩ፡፡

ካብ ቅድም ጀሚርና ንኤርትራ ንኤርትራውያን ወይ ትግራይ-ትግርኚ ብዝምልከት ዘይነቕልበሉ ዝነበርና ሓደ ኣገዳሲ ሕቶ ኣሎ፡፡ ንሱ ኸኣ እቲ ትግራይ-ትግርኚ ዝበሃል ሃገር ብመንዩ ክምራሕ ተሓሲቡ ነይሩ ዝብል ኢዩ፡፡ መልሲ ናይ'ዚ ሕቶ'ዚ - ወዮ ደኣ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣየስተብሃልናሉን ነይርና እምበር - ንጹርን ብሩህን ኢዩ ነይሩ፡፡ እንተወሓደ ብወገን ብዙሓት ተንቀሳቐስቲ ኤርትራ ንኤርትራውያን መሪሕነት ናይ'ቲ ትግራይ-ትግርኚ ዝበሃል ሃገር ኣብ ኢድ መኳንንቲ ትግራይ (ትግረያን ኣሪስቶክራሲ) ክኸውን'ዩ እቲ ሓሳብ ዝነበረ፡፡ ገለ ምዕቡላት ወይ ምሩጻት ከበሳውያን (ኤሊት) ደቂ ኤርትራ መኳንንቲ ትግራይ ሰብ-ግቡእ ወይ ሕጋውያን መራሕትና ኢዮም ዝብል እምንቶ ነይሩዎምዩ፣ ስለዝኾነ ከኣ "ራስ ስዩም መንገሻ (ወዲ-ወዶም ንሃጸይ ዮሃንስ) ናይ ትግራይ-ትግርኚ መራሒ ክኾኑ ምኽኣሉ" ነይሮም ዝብል ሓሳብ ነይሩዎም ኢዩ[13]::

ሃገራውነት ትግራይ-ትግርኚ ኣብ ስግር መረብ፡ ማለት ኣብ ትግራይ፡ ድሙቕ ምንቅስቓስ ኣይነበረን፡፡ ብኻልእ ኣዘራርባ፡ እቲ ትግራይ-ትግርኚ ዝብል ሓሳብ ንህዝቢ ትግራይ ኣይዓጀቦን ዝነበረ[14]፡፡ ገለ ካብቶም መኳንንቲ ትግራይ ግን፡ እንተወሓደ ንውሱን እዋን፡ ከምቲ ናይ ትግራይ-ትግርኚ ሓሳብ ኣእንገዶም ነይሮም ኢዮም ዝብሉ ኣለዉ፡፡ ንኣብነት እኒ ራስ ስዩም መንገሻን ደጃዝማች ሃይለስላሴ ጉግሳን ትግራይ ካብ ኢትዮጵያ ንኽትፍለ ዝደገፉሉ እዋናት ዝነበረ ይመስል[15]፣ ክልቲኦም እውን ኣብ ገለ መድረኻት፡ ንግዜኡ ብሞግዚትነት ዓባይ ብሪጣንያ ወይ ካልእ ወጻእተኛ ሓይሊ ዝእለ ሓድነት ኤርትራን ትግራይን ይደልዩ ነይሮም ይበሃል[16]፡፡

ህላዌ ምቅስቓስ ትግራይ-ትግርኚ፡ ብዝያዳ ኣብ ኤርትራ ኢዩ ነይሩ፣ ንሱ'ውን ኣብ ውሱን ሽነኽ ናይ ከበሳ'ዩ ዝነበረ[17]፡፡ ብሓፈሻኡ እንግሊዛውያን ኣብ ክርስትያን ከበሳውያን ናይ ትግራይነት ስምዒት ንኽሰፍን ዝገበሩዎ ፈተነ ኣይተዓወተን፡፡ ከም'ቲ ፕሮፌሰር ሃጋይ ኤርሊክ ዝገለጸ፡ እቶም ቁሩብ "ዘመናዊ ትምህርቲ" ቀሲሞም ወይ'ውን ከተመኛታት ኰይኖም ዝነበሩ ኤርትራውያን "ብዘመናዊ ኣምራት ኢዮም ዝለዓዓሉ ዝነበሩ"፡፡ ትግራይ ከኣ ናይ ዘመናውነት ከይኰነስ ናይ ድሕረትን ተሓዝ-ጸጊሕነትን መርኣያ ኰይና'ያ ትስምዖም ነይራ፡፡ እምበኣር መብዛሕቶም ካብቶም መሪሕ ፖለቲከኛታት ዝነበሩ መንእሰያት ኤርትራውያን ነቲ ዝነበሮም "ሓዲሽ ፖለቲካዊ ኣምራት" ምስ ኢትዮጵያዊነት ኣዛመድዎ፣ "ኣድናቖቶም" ከኣ ንሃይለ-ስላሴ ኰነ[18]፡፡

ኣቐዲሙ ከምዝተገልጸ እንግሊዛውያን ንሳቶም ብገለ መልክዕ ዝቆጻጸርዎ ሓድነት ትግራይን ኤርትራን ደልዮም ነይሮም ኢዮም፡፡ ጸኒሖም ግን ምስ ምልውዋጥ ኩነታት ፖለቲካ ነቲ ሓሳብ'ቲ ገዲፎም ኣብ መወዳእታኡስ ነቲ ብኣመሪካውያን ዝቐረበ ፈደራላዊ ፍታሕ - ማለት ውሕስነት ዘለዎ ሓድነት ምስ ኢትዮጵያ - ደገፉ፡፡ ገለ ካብ መራሕትን ልሉያት ኣባላትን ናይ'ቲ ኤርትራ ንኤርትራውያን ዝበሃል ዝነበረ ሰልፊ እውን መርገጾም ቀይሮም ነቲ ማእከላይ ፍታሕ - ማለት ፈደረሽን - ተቐበሉ፡፡ ነዚ ለውጥ'ዚ ዝገበርዎ ኸኣ ብሪጋደር ፍራንክ ስታፈርድ ዝተባህለ ወኪል መንግስቲ ዓባይ ብሪጣንያ ብዘካየዶ "ውዲት" ካብ'ቲ ሰልፊ ተፈንጪሎም ሓዲሽ *"ናጽነታዊ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ"* ዝበሃል ማሕበር ምስ ኣቘሙ ኢዩ[19]፡፡

---

13. ኣለምሰገድ ኣባይ፡ ገጽ 43፣ ከምኡ እውን ሪቻርድ ገሪንፊልድ ገጽ 26 ርአ
14. መድሃኔ ታደሰ፡ ገጽ 34
15. ሃጋይ ኤርሊክ፡ ገጻት 201፣ 202
16. ኣለምሰገድ ኣባይ፤ ገጽ 50
17. ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ ገጻት፡ 227-228 ርአ፡፡
18. ሃጋይ ኤርሊክ፡ ገጽ 226
19. ኣለምሰገድ ተስፋይ ገጻት 425-428

*ነቲ ፌደረሽን ዝብል ሓሳብ ኩሎም እቶም ማሕበራት ፖለቲካ ኢዮም ዝተቐበልዎ፡፡ ዝተቐበሉሉ ምኽንያት ከኣ፡ ብሓቂ ምርጫኦም ስለዝነበረ ከይኮነስ፡ ንሳቶም ከምዝብልዎ፡ ኤርትራ ከም ሓንቲ ኣካል ንኸትቅጽል ሓደ ወይ ውልቂ መንገዲ ዝነበረ ንሱ እቲ ፌደረሽን ስለዝነበረ ኢዩ፡፡ ንኣብነት ናይ'ቲ ቀጽሪ ነጻነት (ኢንዲፐንደንስ ብሎክ) ዝተባህለ ልፍንቲ ናይተን ነጻነት ዝጠልባ ዝነበራ ማሕበራት ፕረዚደንት፡ ራእሲ ተሰማ ኣስበሮም፡ - ኣቐዲሞም ቀንዲ ተሓላቒ "ትግራይ-ትግርኚ" ዝነበሩ -፡ ነቲ ሕቡራት ሃገራት ዝወሰንዎ ፌደረሽን ተቐበሉን ከም ዓወት ከኣ ቆጸሩዎን፡፡ እቲ ዝወሰድዎ መርገጽ በቲ ዝነበረ ኩነታት ቅኑዕ ከምዝነበረ ንምግላጽ ከኣ ከም'ዚ ዝስዕብ በሉ፡ "ንሕና ..... እተጋደልናሉ .... ምሉእ ናጽነት" እንተዘይሰለጠ'ኳ "እዚ ሎሚ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት፡ ንኩላትና ኬርብሓና ኢዩ ዚግባእ፡፡ ብሳላ'ዚ ዓወት እዙይ፡ ኣንድነት ሃገርና ኣየቋረጸን፣ ህዝብና'ውን ኣይተመቓቐለን፡፡"*[20]

እቶም ነጻነት ዝጠልቡ ዝነበሩ ኣቦታትና ነቲ ፌደረሽን ጸጊሙዎም ክቕበልዎ ከለዉ ስኽፍክፍ እናበሎም ምንባሩ ክግመት ይከኣል፡፡ ንኣብነት ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም ነዚ ኣጸጋሚ ኩነታት'ዚ "ከይጸድፉ ቆንጠጠፌ ይሓቑፉ" ንዝብል ምስላ ብምጥቃስ ገሊጸሞ ይበሃል[21]፡፡ እምበኣር ነቦታትና ሓድነት ኤርትራ ንገዛእ ርእሱ ዝተባህገ (ስተራተጂካዊ) ነገር ኢዩ ነይሩ፣ እቲ ፌደረሽን ከኣ፡ ብናቶም ኣረኣእያ፡ ነቲ ባህጊ'ቲ ዘማልእ ብልሓት ኢዩ ዝነበረ፡፡

*መንግስቲ ሃጸይ ሃይለ-ስላሴ እውን ነቲ ፌደረሽን ዝተቐበሎ ፈትዩዎን ኣሚኑሉን ኣይነበረን፡፡ ካልእ ኣማራጺ ስለዘይነበሮ ጥራይ ኢዩ፡፡ በቲ እዋን'ቲ ንሙሉእ ሓድነት ምስ ኢትዮጵያ ዝቃወሙ ኤርትራውያን ካብቶም ደለይቲ ፍጹም ምጽንባር ይበዝሑ ነይሮም፤ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት እውን ንጠለብ ኢትዮጵያ እኹል ደገፍ ኣይነበረን፡፡ በዚ ምኽንያት'ዚ ሃጸይ ሃይለስላሴ ነቲ ፌደረሽን ዝተቐበልዎ፡ ቀስ እናበሉ ኣፍሪሶም ንኤርትራ ክጥቕልሉዋ ዝኽእሉ ሙኚኖም ስለዝተመኽሩ ምንባሩ ዶክተር ኣማረ ተኽለ ኣብ'ቲ ብ1964 ዘዳለዎ ሰፊሕ መጽናዕቲ ኣመልኪቱ ኣሎ[22]፡፡*

*ከም ሕጊ፡ እቲ ፌደረሽን ናይ ጊዜ ገደብ ኣይነበሮን፡፡ ፌደረሽን ን10 ዓመት ኢዩ እናተባህለ ከምዝውረ ግን ተገይሩ፤ ዝርግሐ ናይ'ቲ ወረ'ቲ ፌደረሽን ንምፍራስ ዘገልግል ስነ-ኣምሮኣዊ መንጸፍ'ዩ ነይሩ፡፡ ኰይኑ ኸኣ፡ ነቲ መንጸፍ'ቲ ድሕሪ ምዝርጋሕ መንግስቲ ሃጸይ ሃይለስላሴ ነቲ ፌደረሽን ቀስ ብቐስ እናኞራመመ ብ1962 - ማለት ድሕሪ 10 ዓመት - ብምትሕብባር ናይ ገለ ኤርትራውያን ኣፍረሱዎ፡፡ ነቲ ፌደረሽን ዝብል ስርዓት ከም መሰጋገሪ ተጠቒሙሉ፡፡*

*ንመንግስቲ ሃጸይ ሃይለስላሴ እምበኣር ፌደረሽን ሜላ ጥራይ ኢዩ ነይሩ፤ እቲ ስትራተጂኡ ከኣ ኬድካ-ኼድካ ንኤርትራ ጠቕሊልካ ምሓዝ ኢዩ ዝነበረ፡፡*

*እቲ ፌደረሽን መሰጋገሪ ጥራይ ከምዝነበረ ክንዝክሮን ኣዚና ከነስምረሉን ዘሎና ነጥቢ ኢዩ፡ ስለምንታይ እንተተባህለ ሕጂ'ውን ምናልባት ኣብ'ዚ ሓዲሽ ኩነታትና ታሪኽ ብገለ መልክዕ ይድገም ከይህሉ!!*

20. ኣለምሰገድ ተስፋይ ከምዝጠቐሶ፡ ገጽ 519
21. ኣለምሰገድ ኣባይ ገጽ 72
22. ኣማረ ተኽለ፡ ገጽ 353

- ፫ -

ብ1961 - ኣብ ድሮ ዕላዊ ምፍራስ ፈደረሽን - ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ.ኤ)፡ ብወተሃደራዊ መሪሕነት ሓሚድ እድሪስ ዓወተ ዕጥቃዊ ሰውራ ኣበገሰት፡፡ ባህርያት ብሄረ-ሰባውን ሃይማኖታውን ኣቀዋውማ ሃገርናን ትሕዝቶ ቀረባ ታሪኽናን ዝመግለጺኡ ሓጐጽጐጽ ንሰውራ ኤርትራ ኣብ'ቲ ፈለማ መድረኻት ጸገማትን መሰናኽላትን ፈጠረሉ፡፡

ኢሳያስ ኣፍወርቂ ካብ 1970 ዓ. ም. ጀሚሩ ናቱ ውድብ ንምህናጽ ኣብ ዝተንቀሳቐሉ ጊዜ ንድኽመት ኣቀዋውማ ሕብረተሰብ ኤርትራን ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ንዝተራእየ ሓጐጽጐጽን ብዘይ ንሕስያ መዝመዞ፡፡ ኢሳያስ ኣብ'ታ "ንሕናን ዕላማናን" ትብል ኣዋጁ፡ ህዝቢ ንምትላል ቋንቋ ሃገራዊ ሓድነት ቁሩብ እንተነስነሰ እኳ፡ ክርስትያን ዘበለ ኤርትራዊ ክቕበሎን ክስዕቦን'ዩ ብዓውታ ዝተማሕጸነ፡፡ "ንሕናን ዕላማናን" ኩነታት ህዝቢ ዘሻቐላ ወይ መሰል ህዝቢ ዘገደሳ ሰነድ ኣይነበረትን፣ የግዳስ ኢሳያስ ስሱዕ ሕልሙ ንምትግባር ዝፈነዋ ሰባብ ኣውያት ኢያ ዝነበረት፡፡ ከምቲ ተጋዳላይ ረድኢ መሓሪ ኣብ'ቲ ዘጊት ውሩይ ዝኾነ ሓዲሽ መጽሓፉ ዝኣመቶ፡ ኢሳያስ ንህዝብና ከተዓሻሹ ኢሉ'ዩ ንሕናን ዕላማናን ዝበላ እምበር ከም ሓቅስ እቲ ኣርእስታ "ኣነን ዕላማይን" ኢዩ ክኸውን ዝነበሮ[23]፡፡

ኢሳያስ ኣፍወርቂ ናብ ሰውራ ኤርትራ ክጽምበር ከሎ ሓቀኛ ዓላማኡን ባህጉን ነጻነትን ልዑላውነትን ኤርትራ ኣይነበረን፣ ብዓቢ ጥንቃቐ ሓቢኡ ዝንቀሳቐሰላ ዝነበረ ዕላማ ትግራይ-ትግርኚ ከምዝነበረት ረድኢ መሓሪን፡ ተስፋይ ተምነዎን፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ዝነበሩ ደጋጊሞም ነጊሮምና ኣለዉ፡፡

ብእዋን ብረታዊ ገድሊ እውን ኢሳያስን ተሓባበርቱን ሽቶኦም ትግራይ-ትግርኚ ምንባሩ - ኰነ ኢሎም ይኹኑ ወይ ከይተፈለጦም - ኣነጺሮም ዝኣመቱሉ ግዜ ነይሩ፡፡ ንኣብነት እቲ ብብልሓቱን ዕምቈቱን ዝተፈልጠ፡ ረነ ሌፎርት ዝተባህለ ፈረንሳዊ ጋዜጠኛ ንሜዳ ህዝባዊ ግንባር ከይዱ ዑደት ክገብር ከሎ ዝተዓዘባ ነገር ኣላ፡፡ ኣብ'ቲ ብ1983 ዘሕተሞ መጽሓፍ ሓደ ካብ መራሕቲ ህ. ግንባር ብዛዕባ እቲ ውድብ ነዊሕ ገለጻ ክህብ ሰማዕኩዎ ይብል፣ እቲ መራሒ ኣብ'ቲ መግለጺኡ "ዕላማ ገድሊ ኤርትራውያን" እንታይ ከምዝኾነ ኣረዲኡ ክድምድም ከሎ *"ንሕና ወረስቲ ንግስነት ኣኽሱም ኢና፣ ምስ'ዚ ናይ ሽዋ መንግስቲ ምንም ዘራኽብ ኣይክህልወናን ኢዩ!"* በለ፡፡ ወሓለ ተዓዛቢ ረነ ለፎርት ነዚ ምስ ሰምዐ እዚ ዘረባ'ዚ ስቕ ኢልካ ዝተደርበየ ቃላት ከይኰነስ ከቢድ ትሕዝቶ ዝሓቖፈ ምንባሩ ኣብ መጽሓፉ መዝገበ[24]፡፡

ኢሳያስ ኣብ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓይሉ ዘጠጥሐ፡ ኣብ ፈረቓ ናይ ሰብዓታት ኣብ ኢትዮጵያ ንሃጸይ ሃይለስላሴን ብመሰረቱ ንንጉሳዊ ስርዓቶምን ቦንቍሱ ዝደርበየ ሰውራ ምስተኻየደ ኢዩ፡፡ ኣብ መስርሕ ናይ'ዚ ሰውራ'ዚ ደርጊ ስልጣን ጠቕሊሉ ሓዘ እሞ፡ ከይዱ-ኸይዱ መንገዲ ዴስነት መሪጹ ኢሉ ምስ ሶቭየት ሕብረት ተዛመደ፡፡ እቲ እዋን'ቲ ገና ዘመነ ዝሑል ኵናት ኰይኑ ኣብ ሞንጎ ብሶቭየት ዝምራሕ ምስራቓዊ ደምበን ብኣመሪካ ዝምራሕ ምዕራባዊ ደምበን ናይ ስነሓሳብን ስትራተጂን ውድድር ዝካየደሉ ዝነበረ ኢዩ፡፡

ናይ ደርጊ ምስ ምስራቓዊ ደምበ ምዝማድ ንኣመሪካን ካልኦት ምዕራባውያንን ረበሾም፣ ስለ'ዚ ኸኣ ንደርጊ ብኸመይ ከምዘውድቕዎ መጽናዕቲ ገበሩ፡ ንሰውራ ኤርትራ ብቐጥታ ዝትንከፍ ንድፊ እውን ኣውጽኡ፡፡ እቲ ዘውጽእዎ ውጥን ንሰውራ ኤርትራ ንደርጊ ንምውዳቕ ንጠቐመሉ ዝብል ኰይኑ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ትንተና ዝተመስረተ ነይሩ፡፡

23. ረድኢ. መሓሪ፤ ገጽ፡ 114
24. ረነ ለፎርት ገጽ 268

ካብ'ቲ ንደርጊ ዝቃወም ዝነበረ ዕጥቃዊ ምንቅስቃሳት እቲ ዝሓየለ እቲ ብጀብሃን ሻዕቢያን ዝቖመ ሰውራ ኤርትራ ኢዩ ዝነበረ፡፡ እቲ ጸገም - ብኣበሃህላ ኣመሪካውያን መሃንዲሳት ስትራተጂን ፖሊሲን - ዕላማ ውድባት ኤርትራ ሙሉእ ነጻነት፡ ማለት ካብ ኢትዮጵያ ምፍላይ፡ ሙኳኑ ኢዩ፡፡ ነጻነት ኤርትራ ኸኣ ምስ ዕላማ ወይ ስትራተጂ ኣመሪካ ዝቃዶ ኣይኰነን፣ ምኽንያቱ ኤርትራ ንበይና እንተኾይና ንድሕነት እስራኤል ጠንቂ ሙኳና ስለዘይተርፍ፡፡ እምበኣር፡ በሉ ኣመሪካውያን፡ ንሰውራ ኤርትራ ንጠቐመሉ፣ ክንጥቀመሉ ከሎና ግን ነጻ ኤርትራ ንድሕነት እስራኤል ጠንቂ ክትኰነሉ ብዘይትኽእል ኣገባብ ወይ ኩነታት ክኸውን ኣለዎ፡፡

ንሕቶ ኤርትራ ብኽምዚ ንምፍታሕ ዝተፈላለየ ሓሳባት ብኣመሪካውያን ክኢላታት ቀረበ፡፡ እተን ዘገድሳና ቀንዲ ክልተ ሓሳባት እዘን ዝስዕባ ኢየን፡፡

*እቲ ሓደ ሓሳብ፡ ምፍላይ ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ንእስራኤል ጠንቂ ኣይከውንን ኢዩ፣ ምኽንያቱ፡ ንሙቖም ተ. ሓ. ሀ. ት (ናይ ሕጂ ህዝባዊ ወያነ) ብምጥቃስ፡ ኣብ ትግራይ እውን ናይ ምፍላይ ምንቅስቓስ ስለዘሎ፡፡ ትግራይ ምስተፈልየት ብገለ መልክዕ ምስ ኤርትራ ክትሓብር ኢያ'ሞ፡ መብዛሕትኡ ህዝቢ ናይ'ቲ ስሙር ሃገር ክርስትያን ክኸውን ኢዩ፡፡ ክርስትያን ዝበዝሕዎ ድምር ኤርትራን ትግራይን ዝኾነ ሃገር ከኣ ንእስራኤል ጠንቂ ኣይከውንን ኢዩ፡፡ ነዚ ሓሳብ'ዚ ፕሮፌሰር ቶም ፈረር ዝተባህለ ሊቅ ወይ ክኢላ ንናይ ኣመሪካ ሓጋጊ ኣካል (ሰነት) ብነሓሰ 1975 ኣቕረቦ[25]፡፡*

*እቲ ካልኣይ ሓሳብ ወይ እማመ ድማ ጆን ስፐንሰር ብዝተባህለ ክኢላ ዝቐረበ ነይሩ፡፡ ትሕዝቶኡ ኸኣ ከም'ዚ ዝስዕብ ነበረ፡፡ ንደርጊ ኣውዲቖም ሶቭየት ሕብረት ካብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከምእትወጽእ ክገብሩ ዝኽእሉ ውድባት ኤርትራ ኢዮም፡፡ እዞም ውድባት ግን ካብ ኢትዮጵያ ምፍላይ - ማለት ነጻነት - ኢዮም ዝደልዩ፡፡ ነጻነት ኤርትራ ግን ንሕና ኣመሪካውያን ንደልዮ ነገር ኣይኰነን፡፡ እሞ እንታይ ደኣ ይገበር? ኢሉ ነዚ ዝስዕብ ውጥን ኣቕረበ፡፡ እቲ ነጻነት ኤርትራ ዝብል ምንቅስቓስ ደርጊ ክሳብ ዝወድቕ፡ ሶቭየት ሕብረት ከኣ ካብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክሳብ ትወጽእ ይቐጽል፡፡ ደርጊ ወዲቑ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣን ምስ ኣመሪካ ብዝሰማማዕ መንግስቲ ምስተታሕዘ ኤርትራ ነጻ፡ ማለት ፍልይቲ ሃገር ትኹን፡፡*

*እቲ ነጻነት ናይ ኤርትራ ግን ነባሪ ዘይኰነስ ንሓጺር ጊዜ ጥራይ ክህሉ ኢዩ ዝተባህለ፡፡ ብቓላት ጆን ስፐንሰር* ***"ፍሊቲንግ ኤክስፐሪየንስ"*** *- ዘይጸንሕ ወይ ቀልጢፉ ዝሓልፍ ተሞክሮ - ጥራይ ኢዩ ክኸውን፡፡ እዚ እምበኣር ኤርትራ ንሓጺር እዋን ጥራይ ኢያ ፍልይቲ ነጻ ሃገር ክትበሃል ማለት ኢዩ፡፡ እንታይ ደኣ ክትከውን ኢያ? ብእማመ ጆን ስፐንሰር ኤርትራ ከይዳ-ኽይዳ ከምዚ ዝስዕብ ተፈናጪላ ክትጠፍእ ኢያ፡፡ እቲ ከበሳን ደንካልያን፡ እቲ ካብ ምጽዋዕ ጀሚርካ ንደቡብ ክሳብ ባብ ኣልመንደብ ዘሎ ገማግም ቀይሕ ባሕርን፡ ምስ ኢትዮጵያ ይሕወስ፣ ምስ ኢትዮጵያ ኰይኑ ግን ናቱ ውሽጣዊ ምምሕዳር ይህልዎ፡፡ (ምስ ኢትዮጵያ ክበሃል ከሎ ኣብ'ዚ ብዝያዳ ምስ ትግራይ ማለት'ዩ፣ ምኽንያቱ ኤርትራን ትግራይን ብቐጥታ ኢየን ዝዳወባ፡፡) እቲ ካልእ ሸነኽ ኤርትራ - ማለት ሳሕልን እቲ ዝተረፈ ሰዓብቲ ሃይማኖት ምስልምና ዝነብሩሉ ምዕራባዊ ቆላን - ከኣ ምስ ሱዳን ይሕወስ፡፡ ከምዚ ኢላ ኤርትራ ፋሕ-ብትን ትብል፡፡ እዚ'ዩ ዝነበረ እቲ ናይ ስፐንሰር እማመ[26]፡፡*

---

25. ዩ.ኤስ ኮንግረስ፡ ገጽ 106
26. ጆን ስፐንሰር፡ ገጻት 63-67

ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ደጋጊመ ዝገለጽኩዎ እዚ ክዛረበሉ ዝጸናሕኩ ናይ በዓል ቶም ፈረርን ጆን ስፐንሰርን ሓሳባት መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ግምት ኣእትዩ መሰረት ፖሊሲኡ ዝገበሮ ይመስል፡፡

ንኤርትራ ፈናጪልካ ንምጥፋእ ብዝዓለመ ርሑቕ ስትራተጂ ምዕራባውያን፡ ጀብሃ (ማለት ተ. ሓ. ኤ.) ብድሙር ሓይሊ ህ. ግንባርን ወያኔን ተጠቒዓ፡ ሕጂ ከምዝመስሎ ዘሎ ኸኣ፡ ኣብ ውሽጢ ጀብሃ ንገዛእ ርእሳ ብዝነበሩ ኣገልገልቲ ሻዕብያን ቁጹራት ወጻኢ ኣካላትን ተፈርፊራን ተዓንቂፋን፡ ዓቢ ሽንኻ ካብ ሜዳ ተደፊኡ ወጸ፡፡ ከምዚ ኢሉ እምበኣር ሰውራ ኤርትራ ብፖለቲካ ኢሳያስ ተዓብለለ፡፡ ስለዚ ካብ 1980-81 ጀሚሩ እቲ ብረታዊ ምንቅስቓስ “ሰውራ ኤርትራ“ ተባሂሉ ይጸዋዕ እምበር ንኻልእ ዕላማ - ማለት ንዕላማ ኢሳያስን ምዕራባውያን መጻምድቱን ካልኦት ተሓባበርቱን ኢዩ ዘገልገለ፡፡ ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ካብ'ቲ እዋን'ቲ ጀሚሩ “ሰውራ ኤርትራ“ ህሉው ወይ ሓቀኛ ነገር ዘይኮነስ “ዓረም“ ጥራይ ኢዩ ነይሩ፡፡ ካብ መጽሓፍ ረድኢ መሓሪ ሓንቲ ውቕብቲ ሓረግ ተለቂሐ ነዚ ሓቅ'ዚ ብዝበለጸ ከብርሆ ክፍትን'የ፣ *“ከም'ቲ ላም ምራኽ ሞይቱ ክነሱ ብዓረም ነዋርሕ ትሕለብ“*[27] መንእሰይ ኤርትራ ኸኣ ሰውራ ተጨዊዩ ክነሱ ብ***ኣምሰሉ ሰውራ ኤርትራ*** ንዓመታት ተታሊሉ፡ ደም ተሓሊቡን ተገንሺሉን'ዩ!!

*ፖለቲካ* ኢሳያስ ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ትግራይ-ትግርኚ ኢዩ ዝነበረ፡፡ ስለ'ዚ ብስነ-ሞጐታዊ ኣዘራርባ፡ ናይ'ቲ ብረታዊ ምንቅስቓስ ነዊሕ ዕላማ ትግራይ-ትግርኚ እምበር ብሓቂ ምህናጽ ሉዓላዊትን ስምርትን ኤርትራ ኣይነበረን ማለት'ዩ፡፡ ነጻነት ኤርትራ ጭርሖ ወይ ሜላ ጥራይ ኢዩ ነይሩ፤ ካሳብ ሕጂ እውን ዘሎ፡፡፡

በዚ ናይ ሕጂ ኩነታት ኣዚዩ ዘስተንተነ ኣቡኡ ኣብ ሜዳ ተሰዊኡስ ንሱ እውን ንእስነቱ ኣብ ብረታዊ ገድሊ ዘሕለፈ - ፓይለት ኢዩ ይመስለኒ - ኣብ ፓልቶክ ከምዚ ክብል ሰሚዐዮ፡ *“ኣነ ንብላሽ ተጋዲለ፤ ኣቦይ ከኣ ንብላሽ ተሰዊኡ!“* እዚ ኣበሃህላ'ዚ ንጹህን ቅኑዕን ኢዩ፡፡ ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ሕጂ ክርአ ኸሎ - ማለት ንኹነታት ናይ'ዛ ሕጂ ነጻ ትበሃል ኤርትራ ኣብ ግምት ብምእታው - *“ኣነ ንጥቕሚ ኤርትራ ኣይተጋደልኩን፡ ኣቦይ ከኣ ንረብሓ ኤርትራ ኣይኮነን ህይወቱ ዝሃበ“* ኢዩ ዝብለና ዘሎ፡፡

ከም'ቲ እዚ ተጋዳላይ ዝብሎ ዘሎ፡ ካብ'ዚ በዓል ኢሳያስ ነጻነት ዝብልዎ ኩነታት ህዝቢ ኤርትራ ኣይተጠቕመን፡፡ እቲ ህይወቱ ዝሃበን ዝሰንከለን ጥራይ ከይኮነስ ኩሉ እቲ ዝተጋደለ ዜጋ ግን ንህዝበይን ንሃገረይን ክውፈ ብዝብል ሕልና ኢዩ ዝነበረ፣ ስለ'ዚ ኸኣ ክኸበር ዝግባኦ ሙኧኑ ከስምረሉ እደሊ ኢየ፡፡

ህዝቢ ኤርትራ ኣይተጠቕመን እንተተባህለ ግን፡ ዝተጠቕመ ኣካል ፈጺሙ የልቦን ማለት ኣይኮነን፡፡ ዳርጋ ኩሉ ግዜ ሓደ ነገር - መስዋእቲ ይኹን ሽቕለት፡ ወይ ገድላዊ ጻዕሪ - ብላሽ ኣይከይድን ኢዩ፡፡ዝጥቀም ኣካል ኣሎ፡፡ እቲ ሕቶ መን'ዩ እቲ ዝጥቀም ኣካል ኢዩ፡፡ ካብ መስዋእቲ ደቂ ኤርትራ፡ ካብ ገድላዊ ስቓይ ህዝቢ ኤርትራ ዝተጠቕሙ ኣካላት ኣለዉ፡፡ እቶም ንደርጊ ከውድቑ ንጽልዋ ዴስነት ከኣ ክዓናቕፉ ዝተንቀሳቐሱ ምዕራባውያን ሓይልታት ሽቶኦም ሃሪሞም፤ ህዝባዊ ወያኔ ኣብ ኢትዮጵያ መንግስታዊ ስልጣን ክሕዙ ክኢሎም፤ ኢሳያስ ኣፍወርቅን ጉጅለኡን ከኣ ኣብ ኤርትራ ነጊሶም መደቦም የሰላስሉ ኣለዉ፡፡ ካልኦት ዝተጠቕሙ ኣካላት - እንኰላይ ኤርትራውያን ውልቀሰባት - ከምዘለዉ እውን ክግመት ይከኣል'ዩ!!

---

27. ረድኢ መሓሪ፣ ገጽ 254

## ፬

ኤርትራ ኣብ’ዚ ዘመን’ዚ ኣብ መስርሕ ጥፍኣት፡ ኣብ መንገዲ ሞት ትርከብ፡፡ ዝርዝር ናይ’ቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ሓሳረ-መከራ ኣቐዲሙ ተጠቒሱ ኢዩ፡፡ ሓደ ካብ’ቲ ኣዚዩ ዘጉህን ዘተሓሳስብን ነገር እዚ ኩነታት’ዚ ኣብ ኤርትራ ፈጺሙ ክመጽእ ወይ ክኸሰት ዘይግብኦ ምንባሩ ኢዩ፡፡

ህሉው ኩነታት ኤርትራ ነቲ ቭላዲሚር ፖዝነር ዝተባህለ ሩስያዊ (ሶቭየት) ተዓዛቢ ኣብ ጥቓ መወዳእታ 80ታት ዝበሎ የዘኻኽረኒ፡፡ ኣብ ኣመሪካ ፊል ዶነሂው ዝተባህለ ጋዜጠኛ “ብዛዕባ ሃገርካ ኣዚዩ ዘሕዝነካ ነገር እንታይ ኢዩ?“ ኢሉ ምስ ሓተቶ ፖዝነር፡ “*ሃገረይ ኣበይ ክትበጽሕ ትኽእል ከምዝነበረት ግምት ኣሎኒ፤ ብኸዉን ወይ ብጭቡጥ ኣበይ ከምዘላ ኸኣ እፈልጥ ኢየ፤ ኣብ ሞንጎ እቲ ክትበጽሖ ትኽእል ዝነበረትን እቲ ብክዉንነት ዘላቶን ዘሎ ገፊሕ ፍልልይ የሕዝነኒ*“ ኢሉ መለሸ፡፡ እዚ ንኹነታት ኤርትራ ከምዘለዎ (ማለት ብልክዕ) ዝገልጽ ኣበሃህላ ኢዩ፡፡

ኤርትራ ክሳብ ኣበይ ክትስጉም ትኽእል ከምዝነበረት ንፈልጥ ኢና፤ ብሕልፊ እቶም ንእስነት ኣብ ዓዲ ዘሕለፍና ሕጂ ኣብ ናይ ህይወት ድሕሪ-ቐትሪ እንርከብ!! ኤርትራውያን ከም ህርኩታት ኢና እንፍለጥ ዝነበርና፤ ሓቒ’ዩ እውን፤ ብምኽንያት ኩነታትናን ዋሕዲ ባህርያዊ ጸጋታት ሃገርናን፡ ህይወትና ንኽንዕንግል ንሰርሕ፡ ንጽዕር ኢና፤ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት - ኣብ ኢትዮጵያ ይኹን ኣብ ሱዳን ንኣብነት - ከም ህርኩታትን ኣፍረይትን፤ ብቑዓትን ክኢላታትን እሙናትን ተፈሊጥና ንኸበር ዝነበርና ኢና፡፡ ብሓቂ ኸኣ ተደለይቲ ነይርና፡፡

ከም ነጻ ሃገር እምበኣር ንተኽእሎታትና ወይ ዕቑር ዓቕምታትና ኣብ መዓላ ኣውዒልና ከም ሕብረተሰብ ክንዕምብብ፡ ክንምዕብል፡ ክንደምቕን ክንኩላዕን ኢዩ ዝግባእ ዝነበረ፡፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ክዉንነት ግን ኣንጻር ናይ’ቲ ዝግባእ ኢዩ፡፡

ኤርትራ ብናይ ኩሉ መዳያት መለክዒታት ፍንፍንቲ ኲይና ኣላ፡፡ ህዝብና በዚ ሎሚ እታ ዝሃሰሰት መሰል ፖለቲካ ዘይብሉ፤ ሰብኣዊ መሰላቱ ፈጺሙ ዘይተሓለወሉ፤ ኣመና ዝተዓዛዘሮ ድኽነት ዝደቖሶ፤ ማሕበራዊ ናብራኡ ሰብኣውነት ዝሓረሞ፤ ኩነታት ህላዌኡ ፍርህን ራዕድን ዓብሊሉዎ ኣፋፍኖት ድሕነት ወይ ሕሉውነት ዘይብሉ ኢዩ፡፡ ብፍላይ ኩነታት መንእሰያትና ኣዚዩ ዘሕዝን፡ እቲ ዝዓሞቐ ትራጀዲ ኢዩ ኲይኑ ዘሎ፡፡ መንእሰያትና ኣብቲ ክሕጐሱሉ ዝግባእ ዕድመ ሳዋ ዱስ ኣገልግሎት ዱስ ንዝበሃል ባርነት ይዳረጉ ኣለዉ፡፡ ካብ ከምዚ ዝበለ ገሃነም ንምህዳም ኣብ ዝገብርዎ ፈተነ ገሊኦም ኣብ ማእከላይ ባሕሪ እናጠሓሉ ሺሻይ ናይ ምሕረት-ኣልቦ ዓሳታት ይኾኑ ኣለዉ፣ ገሊኦም ከኣ ብእፍሊ ኣረሚን ተጨዉዮም ከም እንስሳ እናተጠብሑ ኩላሊቶምን ካልእ ውሽጣዊ ኣካላቶምን ተዘሚቱ ሬሳታቶም ኣብ ምድረበዳታት ሳሃራን ሳይናይን ይባድን ኣሎ፡፡ እዚ ፈጺሙ ዘስካሕክሕ ንኽትሰምዖ እውን ዘባህርር መከራ ኢዩ፡፡

ንምዃኑ ደቂ ኤርትራ ነዚ መከራ’ዚ ክሳጥሑ ከለዉ እቲ መንግስቲ ኣስመራ እንታይ ይገብር ኣሎ ዝብል ሕያዋይ ሓታቲ ኣይሰኣንን፡፡ እዚ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ዝሓለቖኡ ንሃገርና ዝገዝእ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ብሓቂ መንግስቲ ኤርትራ ኣይኰነን፤ እዚ ሓደ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ጽልእን ቅርሕንትን ዘለዎ ናይ ተመሳጠርቲ ጋንታ (ካባል) ኢዩ፤ እቶም ተመሳጠርቲ ከኣ ብትውልዶም ወይ መበቆሎም ተጋሩ ሙኳኖም ብዘየገድስ ኤርትራውያን ክኾኑ ዝኽእሉ ዝነበሩ፡ ግን’ከ ብምኽንያት እንታይነቱ ዘይተመርመረ ጸገም፡ ንህዝብና ብዘጥቅዕ መልክዕ ኣዋፈርቲ ትግራይ-ትግርኚ ክኾኑ ዝመረጹ ኢዮም፡፡

ምስ'ዚ ብዝተዛመደ ክለዓል ዘለዎ ዘሕዝን ጉዳይ ኣሎ፡፡ ንነዊሕ ዓመታት ንኢሳያስ ኣብ ሜዳ - ደሓር እውን ኣብ መንግስቲ ህግዲፍ - ዘገልገልዎ፡ ከም በዓል ሃይለ ወልደትንሳኤ (ድሩዕ)፡ማሕሙድ ሸሪፎ፡ እስጢፋኖስ ስዩም፡ ጴጥሮስ ሰለሞን፡ ጀርማኖ ናቲ፡ ኣስቴር ፍስሓጽዮን፡ በራኺ ገብረስላሴ፡ ዑቕበ ኣብርሃ፡ ብርሃነ ገረዝጊሄር ዝኣመሰሉ፡ ኣብ'ቲ ገሃነማዊ ቤት-ማእሰርቲ ዒራ-ዒሮ ተዳጕኖም፡ ገሊኦም መይቶም ገሊኦም ክኣ እናተሳቐዩ ሞቶም ይጽበዩ ኣለዉ፡፡ እዞም ተጋደልቲ'ዚኦም ዝፈጸምዎ ገበን የለን፣ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲ ንኽተኣታቶ መታን ጽገና ብምሕታቶም ጥራይ ኢዮም ንኣበሳ ዝተዳረጉ፡፡ ንጉዳይ ናይዚኣቶምን ካልኦት እሱራትን ትርኢ ሓንቲ ኣገዳሲት ነጥቢ ኣላ፡፡ ንሳ ኸኣ ኩሎም እዞም ብኢሳያስ ዝእሰሩን ብዝተፈላለየ ሜላታት ዝቕንጸሉን ዘለዉ ዜጋታት ውጹኣት ኤርትራውያን ሙኻኖም ኢዩ፡፡ *ብዙሓት ከምዝሕብሩኒ*፡ ብመንግስቲ ኢሳያስ ዝተቐንጸሉ ወይ'ውን ዝተኣሰሩ ብትውልዶም ተጋሩ ዝኾኑ ኤርትራውያን የለዉን፡፡ እዚ ኣገዳሲ ትዕዝብቲ ኢዩ!!

ድሕሪ እዚ ነጻነት ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኩነታት፡ ኤርትራ ንቕድሚት ኣይሰጕመትን ጥራይ ኣይኰነን፡፡ ካብ'ቲ ዝነበረቶ ንድሕሪት ተዓዚራስ ኩለን ጐረባብታ ቀዲመንኣ ትርከብ፡፡ እታ ቀደም ብዘመናዊ ምዕባለ ኣዚያ ድሕሪት ዝነበረት ትግራይ እኳ ሕጂ ንኤርትራ ሕርሕራይ ገይራ ቀዲማታ እነሃ!! ኣብ ትግራይ ዘሎ ምዕባለ ኣዚዩ ዘሐጉስ ኢዩ፣ ተጋሩ ብሓቂ ነፊዖም! እቲ ሕቶ ዘሎ ኤርትራ ከመይ'ላ ትሓምቕ'ዩ? እሞ ኸኣ ብተጋሩ እናተገዝኣት!! ትግራይ ኣዚያ እናማዕበለት፡ ኤርትራ ኸኣ ብኣንጻሩ እናተዶቕሰትን እናደሓረትን ክትከይድ ምርኣይ ጉዳም ዝኾነ ነገር ኢዩ፡፡

ሃገርና ከመይ'ላ ኣብ ግዜ ነጻነት ኣብ'ዚ ዓዘቕት'ዚ ወደቐት? ዝብል ሕቶ ብዙሕ ወይ'ውን መብዛሕትኡ ኤርትራዊ ዝጭነቐሉ ዘሎ ኢዩ፡፡ እዚ ሕቶ'ዚ ግን ብሩህ መልሲ ኣለዎ፡፡

እዚ ኩነታት'ዚ ዝህልወሉ ምኽንያት ኤርትራ ንሽሙ እምበር ብሓቂ ነጻን ሉዓላዊትን ሃገር ዘይሙኻና ኢዩ፡፡ ሓንቲ ሃገር ነጻ ወጺኣ ክበሃል ከሎ እቲ ነጻነታን ልዑላውነታን ነባሪ ኢዩ ብዝብል ትርጉምን ተረድኦን ኢዩ፡፡ ኤርትራ ግን፡ ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ፡ ደርጊ ምስ ወደቐ ንሓጺር እዋን ጥራይ ነጻን ፍልይትን ሃገር ተባሂላ ትጸንሕ፣ ብድሕሪኡ ግን ፋሕ-ብትን ክትብል ኢዩ እቲ መደብ፡፡ ንዝተወሰነ እዋን ፍልይትን ሉዓላዊትን፣ ብድሕሪኡ ግን ፋሕ-ብትን ኢላ ክትጠፍእ ብዝብል መደብ ዝመጸ ኩነታት ነጻነት ኣይኰነን፡፡ እምበኣር እዛ ሕጂ ዘላ ኩነታት ኤርትራ ናይ ነጻነትን ሉዓላዊነትን ከይኰነትስ ናይ ምስግጋር መድረኽ ኢያ፡፡ ከም'ታ "ፌደረሽን" ናብ ፍጹም ምጽንባር መሰጋገሪት ዝነበረት፡ ናይ ሕጂ "ነጻነት" ከኣ ንፋሕ-ብትን ሃገርናን ንሙቛም ትግራይ-ትግርኚን ተመቻቹ መሰጋገሪት መድረኽ ኢያ፡፡

ትሕዝቶ ናይ'ዚ ሕጂ ንርእዮ ዘሎና ኩነታት ንኤርትራ ትርጉም-ኣልቦ ዝገብር ኢዩ፡፡ ንኤርትራዊ መንነታዊ ስምዒት ዘዳኽም፣ ንኤርትራ ብዘይ መንእሰይ ኣትሪፉ መጻኢ ዕድል ዘይብላ ዝገብር፣ ኤርትራውያን፡ ብፍላይ መንእሰያት፡ ናብ'ታ በዚ እዋን'ዚ ዝነኣድ ምዕባለታት ዝርኣየላ ዘሎ ትግራይ ገጾም ብቕንእን ብሃረርታን ንኽጥምቱ ዝግድድ፣ ብሓጺሩ ኤርትራውያን - ብፍላይ ትግርኛ ዝዛረቡ ኤርትራውያን - ትግራይ-ትግርኚ፡ ማለት ምስ ትግራይ ምጽንባር፡ ንዝብል መደብ ንኽቕበሉ ብመንፈስን ብስነኣእምሮን ዘዳሉ ኢዩ፡፡

ስነመጐት ትግራይ-ትግርኚ እምበኣር ኤርትራ ንህዝባ ዘይተሐብን፣ ብህዝባ ዝተጸልአት ንኽትከውን ዝግድድ ኢዩ፡፡ ኩነታት ኤርትራ ከምዚ'ሉ ሕሱም ምስዝኸውን ህዝብና "ርኣዩ'ንዶ! ትግራይ ማዕቢላ ኣበይ በጺሓ እናህልኩም! ምስ ትግራይ ምሕዋሰ ይሕሸና" ንኽብል ኢዩ እቲ ውጥንን ትጽቢትን ኣሳወርቲ ትግራይ-ትግርኚ፡፡

ብደቡብ - ማለት ብወገን ኢትዮጵያ - ከኣ ከምኡ ንመደብ ትግራይ-ትግርኚ ምድላዋት ዝመስል ይግበር ነይሩን ኣሎን፡፡ ቀንዲ ኣካል ናይ'ዚ ምድላዋት'ዚ ኸኣ እታ መሰል ብሄራት ክሳብ ምግንጻል ትብል ሰራም ኣምር ኢያ፡፡ ህዝባዊ ወያኔ ዝዓብለሎ መንግስቲ ኢህኣዲግ ነዛ ናይ ምግንጻል መሰል ኣብ ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ ከምትሰፍር ገይሩ ኢዩ፡፡ ብመሰረት ዓንቀጽ 39 ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ ትግራይ ክትፍለ ትኽእል ኢያ፡፡ ብርግጽ እውን፡ ተዓዘብቲ ከምዝብልዎ፡ ንትግራይ ምፍላይ ህዝባዊ ወያኔ - ወይ ገለ ኣካል ኣብ ወያኔ - ከም ናይ መወዳእታ ኣማራጺ ዓቍሩዋ ዘሎ ተኽእሎ ኢያ፡፡

ውድብ ህዝባዊ ወያኔ እዛ መሰል ብሄራት ክሳብ ምግንጻል ትብል ሰበብ ኣብ ኤርትራ እውን ንኽተኣታቶ ንነዊሕ እዋን ጻዕርታት ገይሩን፡ ገና ይገብር ኣሎን፡፡ እተን ምስ ወያኔ ክሳዳዊ ዝምድና ኣሎና ዝብላ፡ - ብኣረኣእያ ብዙሓት ግን ንኡሳት መሻርኸቲ ወይ'ውን ምእዙዛት ወያኔ ዝኾና፡- ውድባት ኤርትራ መሰል ብሄራት ክሳብ ምግንጻል ንትብል ኣምር መለለዪተን መርገጽ ገይረንኣ ኣለዋ፡፡

እዛ መሰል ብሄራት ክሳብ ምግንጻል ትብል ቋንቋ ብቐጥታ ንመደብ ትግራይ-ትግርኚ ተገልግል ኢያ፡፡ እተን ብሄረሰባትና ወይ ገለ ካብኣተን ተፈሊና ኢና ምስዝብላ እቲ ትግርኛ ዝዛረብ ከበሳ እውን ምስ ትግራይ ይኸይድ እሞ ሕልሚ ትግራይ-ትግርኚ ይረጋገጽ፡፡

ኣነ ብማዕርነት ብሄረሰባትና እኣምን፣ ብመሰል ርእሰውሳኔ ብሄረሰባትና እኣምን፡፡ እዚ ክብል ከለኹ ግን መሰል ብሄረሰባትና ዝረጋገጽ ኣብ ውሽጢ ሓንትን ስምርትን ኤርትራ ማለተይ ኢየ፡፡ ንኤርትራ ብሽም ርእሰ-ውሳኔ ፋሕ ንዘብል መደብ ምውፋር ሃገራዊ ክድዓት - ትሪዝን - ካብ ሙኻን ኣይሓልፍን ኢዩ፡፡

ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተኣመተ እቲ ብድሆ በዚ ሎሚ ኤርትራ ትሃሉዶ ኣይትሃሉ ዝብል'ዩ፡፡ ሃገር ንኽትህሉ ኩሉ ኤርትራዊ ንሓርነታዊ ቃልሲ እጃሙ ከበርክት ኣለዎ፡፡ መልክዕ ውደባ ናይ'ዚ ቃልሲ'ዚ ኸኣ ግንባር ዓደ'ቦ ኢዩ፡፡

**- ፭ -**

ዓደ'ቦ ማለት ብዘወትር ተረድኦ ወይ ቃል-ብቓሉ ክውሰድ ከሎ፡ ኣቦታትካ ቀቅድሚኦም ከኣ ኣባሓጎታትካ ዝነበሩሉ ዓዲ ወይ ከባቢ ማለት ኢዩ፡፡ ኣብ ስነ-ፖለቲካ ግን ዓደ'ቦ ዕሙቕ ዝበለ ትርጉም ኣለዎ፡፡ ንሓደ ውሱን ወይ ፍሉጥ ቦታ ወይ ዓዲ ጥራይ ኣይኰነን ዝምልከት፣ እንታይ ደኣ ንሓደ ልሉይ "ፖለቲካውን ባህላውን ማሕበራውን" ትሕዝቶ ዘለዎ ህዝቢ ኢዩ፡፡ ብምዕቡል ወይ በቲ ዝማዕበለ መልክዑ ወይ እንታይነቱ ካብ ወለዶታት ጀሚሩ ኣብ ሓደ ፍሉጥ ቦታ ዝነብር ናይ ሓባር ቋንቋ ባህልን መሰረታዊ ክብርታትን ዘለዎ ሕብረተሰብ ማለት'ዩ፡፡

ጁዘፐ ማዚኒ ዝተባህለ ሓደ ካብቶም ንሙቓም ሃገረ-ኢጣልያ - ሪሶርጂመንቶ - ዝተቓለሱ ክልሰ-ሓሳባውያን ንትርጉም ዓደ'ቦ ብዝርኢ ከምዚ ዝስዕብ በለ፡፡

> *"ዓደ'ቦ ቦታ ወይ ቦታ ጥራይ ኣይኰነን፣ ቦታ መሰረት ጥራይ ኢዩ፣ ዓደ'ቦ ኣብ'ቲ መሰረት'ቲ ዝተሃንጸ ሓሳብ ኢዩ፣ ናይ ፍቕሪ ሓሳብ፣ ነቶም ኩሎም ደቂ እቲ ቦታ ዘሕብር ናይ ውህደት መንፈስ ኢዩ፡፡"*[28]

ኣብ ታሪኽ፡ ዓደ'ቦ ክበሃል ከሎ ዝተፈላለየን ማዕባልን ትርጉም ነይሩዎን ኣለዎን፡፡ ንኣብነት ኣብ ኣውሮጳ ቅድሚ ገለ ኣማእታት ዓመታት - ማለት ብዘመነ መስፍንነት -

28. *ኣብ ማውሪዚዮ ቪሮሊ ከምዝተጠቕሰ፣ ገጻት 84-85*

ዓደ'ቦ ዝብል ኣምር ጸቢብ ትርጉም'ዩ ዝነበሮ፡፡ ንኣውራጃ፡ ዞባ፡ ክፍለ-ምምሕዳር ወይ ወረዳ ዝኣመሰለ ከባቢታት ኢዩ ዝምልከት ነይሩ፤ ጸኒሑ ግን ኣብ ኣውሮጳ ርእሰ-ማላዊ ስርዓተ-ቁጠባ ተቐልቂሉ ሃገር ብሙሉኡ ምስተራኸበን ብማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ መዳይ ምስተሓዋወሰን ዓደ'ቦ ነቲ ናይ'ቲ ሃገር ብዓቢኡ ፖለቲካውን ባህላውን ሕብረተሰብኣዊን ማሕበረ-ኮም ዝምልከት ኣምር ኰነ፡፡

ስሉስ ዓለማዊ ሃገራት ብኣቀዋውማኣንን ደረጃ ዕብየተንን ካብ ናይ ኣውሮጳን ካልኦት ምዕቡላት ሃገራትን ይፍለያ እየን፡፡ ብውሽጣዊ ታሪኻዊ መስርሐን ዘይኰነስ ዝተፈላለያ ብሄረ-ሰባት ኣብ ቁጽጽር ባዕዳዊ ሓይሊ ኣትየን ብምጥርናፈን ዝቖማ ኣካላት ኢየን፡፡ ኣመጻጽኣአንን ደረጃ ምዕባለአንን ብዘየገድስ ግን ዓደ'ቦታት ኢየን፡፡ እቲ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ነጻ ንምውጻእ ዘካየዳኦ ቃልሲ ከም ፍትሓውን ብቑዕን ምክልኻል ዓደ'ቦ ተፈሊጡ ብሓይልታት ግስጋሰን ሰላምን ተደጊፉ ኢዩ፡፡

ምስ'ዚ ብዝተተሓሓዘ ክንጸር ዘለዎ ሓደ ነጥቢ ኣሎ፡፡ ወረርትን ዓመጽትን መንግስታት እውን ምክልኻል ዓደ'ቦ ወይ ውን ግንባር ዓደ'ቦ ንዝብል ሓረግ ንስለ መዝማዝን ጸረ-ሰላምን ዕላማታት ይሮኽሑዎ ኢዮም፡፡ እዚ ግን ሓቀኛ ግንባር ዓደ'ቦ ኣይኰነን፡፡ ፍኽሪ ሕብረተ-ሰብ ዘይብሉ፤ ንስሑዕን መዝማዝን ጥኽሚ ውሑዳት ጥራይ ዝሓሊ ናይ ሓሶት ጭርሖ ኢዩ፡፡ ግንባር ዓደ'ቦ ፍትሓውን ቅቡልን ዝኸውን ዕላማኡ መሰል ንምክልኻል ወይ ከኣ ንኻልኦት ብዘይሃሲ መልክዕ ንመሰልካ ምጥቃም ምስዝኸውን ኢዩ፡፡

ኤርትራ ዓደ'ቦ ዲያ? ወይ ከኣ ንኤርትራውያን ዓደ'ቦኦም መን'ያ? እዚ ሕቶ'ዚ ብ40ታት ብዙሕ ይዝረበሉ ነይሩ፡፡ ቀንዲ ምኽንያት እቲ መዛረቢ ዝነበረ ኸኣ በቲ እዋን'ቲ እቲ ኤርትራ ንኤርትራውያን ዝተባህለ ማሕበር ሒዙዎ ዝነበረ ፖለቲካ ትግራይ-ትግርኚ ኢዩ፡፡ ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ኣባላት እቲ ማሕበር'ቲ ኤርትራ ክብሉ ከለዉ፡ ብፍላይ ኣብ'ቲ ፈለማ መድረኻት፡ ትግራይ-ትግርኚ (ኣለውሃ ምላሽ) ማለቶም'ዩ ዝነበረ፤ ስለ'ዚ ብተግባርስ ዓደቦና ትግራይ-ትግርኚ ኢያ ይብሉ ነይሮም ማለት ኢዩ፡፡

ሎሚ'ኸ እቲ ትግርኛ ዝዛረብ ኤርትራዊ ዓደቦይ ክብል ከሎ እንታይ ወይ ኣየነይቲ ዓዲ ማለቱ ኢዩ? ተጋሩኸ ዓደ'ቦና መን ወይ ኣየነይቲ ዓዲ'ያ ይብሉ?[29]

ዓደ'ቦ ብዛዕባ ዝብል ቃል ትግርኛ ዝቛንቋኦም ኤርትራውያን ሓደ ተረድኦ የብሎምን፡፡ ንኣብነት ኣብ ሞንጎ ከበሳውያን ገባርን ከበሳውያን ናይ ፖለቲካ ተዋሳእትን ናይ ተረድኦ ፍልልያት ኣሎ፡፡ መንነታዊ ስምዒት ወይ እምንቶ ከበሳውያን ገባራት ኣብ'ቲ ዝጸንሐ ጥንታዊ ታሪኽን ባህልን ዝምድናታትን ዝተመስረተ ኢዩ፡፡ ምስ'ዚ ብዝተዛመደ ከፍለጥ ዘለዎ ነጥቢ ኣሎ፤ ንሱ ኸኣ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ጣልያን ኣብዝነበረትሉ ጊዜ እንተኾነ እውን እቲ ህዝቢ ከበሳ ኤርትራን ትግራይን ከም ቀደሙ ይራኸብን፡ ይተኣታቶን ምንባሩ ኢዩ፡፡

ዓደቦና መን'ያ ትብሉ? ብዝብል ሕቶ ኣለምሰገድ ኣባይ ንገባር ከበሳውያን ኤርትራ መጠይቕ (ኲወሽነር) ኣቕሪቡሎም ነይሩ፡፡ ካብቶም ዝተጠየቑ ገባር 21.4% ጥራይ ኢዮም ዓደ'ቦና ኤርትራ'ያ ዝበሉ፡፡ መብዛሕትኦም፡ (ማለት 53.6%) ዓደ'ቦና ዝበሉዋ ነታ ቁሸቶም

29. ኣብ'ዚ ገጻት'ዚ ዘሎ ንዓደቦነት ኤርትራን፡ ንሕቶ ትግራይን ዓደቦነትን ዝምልከት ጭቡጥ ሓበሬታታት መብዛሕትኡ ወይ'ውን ዳርጋ ኹሉ ካብ'ቲ ኣለምሰገድ ኣባይ ዝደረሶ፡ "Identity Jilted or Re-imgining Identity" ዘርእስቱ መጽሓፍ ዝወሰድኩዎ ኢዩ፡፡ ንፕሮፌሰር ኣለምሰገድ ከም'ዚ ዝበለ ብትሕዝቶኡ ሃብታም ዝኾነ መጽሓፍ ብምብርካቱ ከመስግኖ እደሊ፡፡ ኣብ ገሊኡ ነጥብታት ዘይሰማማዓሉ እንተኾንኩ እኳ፡ እዚ መጽሓፍ'ዚ ጠቓሚ ሙኻኑ እምስክር፡፡

ወይ ነታ ኣቦታቶምን ኣበሓጎታቶምን ዝተወለዱላ ከባቢ ኢያ፡፡ ገለ ኣዚዮም ውሑዳት እውን ዓደ'ቦና ትግራይ-ትግርኚ ወይ ትግራይ'ያ ዝበሉ ነይሮም[30]፡፡

ገባር ተጋሩ'’ኸ? መብዛሕቶም ከይኰኑስ ብዙሓት (39.3%) ተጋሩ ገባር እውን ዓደቦና ዝበሉዋ ነታ ቁሸቶም ወይ ነቲ ውሱን ናይ ትውልዶም ከባቢ ኢዩ፡፡ ገለ 25% ግን ዓደቦ'ና ትግራይ ኢያ በሉ፡፡

ኤርትራውያንን ተጋሩን ብምኽንያት መግዛእቲ ጣልያን ን62 ዓመታት ተፈላሊዮም ነይሮም ኢዮም፡፡ ከም ሳዕቤን ናይ'ዚ ምፍልላይ'ዚ ታሪኻዊ ጸላኢኹም መን'ዩ ወይ ከኣ ታሪኻዊ ጸላእትኹም መን'ዮም ኣብ ዝብል ሕቶ ይፈላለዩ ኢዮም፡፡ ኤርትራውያን ኣብተን 62 ዓመታት ብጣልያን ከም ባሮት ይግዝኡ ነበሩ፤ እቶም ተጋሩ ኸኣ ንግስና ሃጸይ ዮሃንስ በናይ ሸዋ ኣምሓሩ ተመንጢሎም ብኣምሓሩ ተገዝኡ፡፡ ኤርትራውያን ንጣልያንን ንኻልኦት ስግር-ባሕሪ ባዕዳውያንን ጸልኡ፡፡ ተጋሩ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ኣምሓሩ - ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ናይ ሸዋ ኣምሓሩ - ቂምን ቅርሕንትን ኣሕደሩ፡፡

ካብ'ዚ ታሪኽ'ዚ ብዝነቐለ ምኽንያት ይመስል፡ ታሪኻዊ ጸላእትኹም መን'ዮም ንዝብል ሕቶ ኤርትራውያንን ተጋሩን ዝተፈላለየ መልስታት ኣለዎም፡፡ እቶም ገባር ኤርትራውያን መብዛሕትኦም (86%) ታሪኻዊ ጸላእትና ኢሎም ብቐዳምነት ንቱርኪ፡ ቀጺሎም ከኣ ብመስርዕ ንግብጺን፡ ጣልያንን እንግሊዝን ሮቐሑም፡ ኣብ መወዳእታ ኸኣ ንሃይለስላሴን ንደርግን ይጠቕሱ፡፡ እቶም ተጋሩ ግን ታሪኻዊ ጸላእትኹም መን'ዮም ክበሃሉ ከለዉ መብዛሕትኦም (ማለት 82.1%) "ኣምሓሩ፤ ብፍላይ ናይ ሸዋ ኣምሓሩ" ኢሎም ኢዮም ዝመለሹ፡፡ ውሑዳት (ማለት 10.7% ጥራይ) ንቱርክን ንጣልያንን ከም ታሪኻዊ ጸላእቲ ሓወስዎም[31]፡፡

ኤርትራውያንን ተጋሩን ኤሊት (ማለት እቶም ናይ ፖለቲካ ተዋሳእቲ) ዓደ'ቦኹም መን'ያ ንዝብል ሕቶ ኣብ ዝሃብዎ መልሲ ፍልልያት ነይሩ፤ እቲ ፍልልያት ኣዚዩ የገድሰና ኢዩ፡፡ መልስታቶም ከመይ ነይሩ? ብኤርትራውያን ንጀምር፡፡ ኤርትራውያን ተዋሳእቲ ፖለቲካ ንገዛእ ርእሶም ዓደ'ቦና መን'ያ ኣብ ዝብል ሕቶ ቁሩብ ፍልልይ ነይሩዎም፤ ቁሩብ'ዩ ግን፡፡ ንኡስ ክፋል ናይቶም ዝተሓተቱ (ማለት 26.5%) ዓደ'ቦኦም ንሳቶም ወይ ኣቦታቶም ዝተወልዱሉ ቦታ ሙኻኑ ገለጹ፡፡ መብዛሕትኦም ግን (ማለት 71.4%) ዓደ'ቦና ኤርትራ ኢያ ኢዮም ዝበሉ፡፡ ንኣብነት ኣምባሳደር ኣድሓኖም ገብረማርያም ከም'ዚ ዝስዕብ በለ፡

> *"ኣብ (ነጻነታዊ) ገድሊ ዝነበረ ኩሉ ሓወይ ኢዩ፡፡ መሓመድ ያስማን (ሓደ ተጋዳላይ ዝነበረ) ሓወይ ኢዩ፡፡ ንኽልቴና ኸኣ ዓደ'ቦ ክበሃል ከሎ ኣብ ሓንጐልና እትመጽእ ኤርትራ ኢያ"፡፡*[32]

ዓደቦ'ይ ትግራይ-ትግርኚ ኢያ ዝበለ ኤርትራዊ ናይ ፖለቲካ ተዋሳኢ የልቦን፡፡

ኤርትራውያን ዓደ'ቦና ኤርትራ ኢያ ክብሉ ከለዉ ግን ኤርትራ ዓደ'ቦ ካብ እትኸውን ነዊሕ ዘመናት ከምዘይኰነ ይኣምኑ እዮም፡፡ እኳ ደኣ ኤርትራዊ ሃገራውነት ብቐንዱ ዝተቐልቀለ ኣብ ምፍላም መግዛእቲ ጣልያን - ማለት ኣብ መወዳእታ 19 ክፍለ-ዘመን - ሙኻኑ የስምሩሉ፡፡ እዚ ማለት ከኣ - ቁሩብ ጽንሕ ኢለ ከምዝገልጾ - ዓደቦነት ኤርትራ ኣብ መስርሕ ምዕባለ ኢዩ ዘሎ ማለት ኢዩ፡፡

---

30. ኣለምሰገድ ኣባይ፡ ገጽ 160
31. ከማሁ፡ ገጻት 153-154
32. ከማሁ. ገጽ 168

ተጋሩ ፖለቲከኛታት (ወይ ተዋሳእቲ ፖለቲካ - ኤሊት) ናይ'ዚ እዋን'ዚ ዓደቦ'ኹም መን'ያ ንዝብል ሕቶ ዝሃቡዎ መልሲ ብመንፈስን ኣተሓሳስባን ካብቲ መብዛሕትኦም ኤርትራውያን ፖለቲከኛታት ዝሃብዎ መልሲ ብኣገዳሲ መጠን ይፍለ ኢዩ። ካብዞም ተጋሩ እዚኦም ዓደ'ቦና ኢትዮጵያ ኢያ ዝበሉ 3.6% ጥራይ ኢዮም። መብዛሕትኦም ካብቶም ዝተሓተቱ ተጋሩ ፖለቲከኛታት ዓደቦና ትግራይ ኢያ ኢዮም ዝበሉ፤ ኢትዮጵያ ኣይበሉን። ኣቶ ስብሓት ነጋ ነዚ ሕቶ'ዚ ክምልሽ ከሎ፡ ቁሩብ "ዝግ ድሕሪ ምባልን ምውልዋልን" ዓደ'ቦ ክበሃል ከሎ ኣብ ሓንጐሉ እትመጽእ "ትግራይ" ሙኳና ገሊጹ። ከምኡ እውን ኣቶ ጸጋይ በርሀ፡ ክሳብ እዚ ቀረባ እዋን ናይ ክልል ትግራይ ፕረዚደንት ዝነበረ፡ ሕጂ ኣብ ፈጻሚት ሽማግለ ህዝባዊ ወያነ ዘሎ፡ ነዚ ሕቶ'ዚ ክምልሽ ከሎ ከይተወላወለ "ዓደ'ቦይ ትግራይ ኢያ" ኢዩ ዝበለ፤ ኢትዮጵያ ኣይበለን። "ብትግራዋይነተይ ኣቢለ ኢየ ኢትዮጵያዊ ዝኾውን" ብምባል ግን ነታ መልሱ ስሕውቲ ኢትዮጵያዊነት ኣጐልቢቡዋ ኢዩ።[33]

እዚ ዓደ'ቦና ትግራይ ኢያ (ኢትዮጵያ ኣይኰነትን) ዝብል ኣራኣእያ ካብ ልሉያት ኣባላት መሪሕነት ህ. ወያኔ ክወጽእ ከሎ የተሓሳስበካ ኢዩ። (ንኣብነት ሓደ ኣብ መሪሕነት ኤርትራዊ ውድብ ዘሎ ሰብ ዓደ'ቦይ ኢሉ ኣብ ክንዲ ንኤርትራ ዝሮቕሑ፡ ንባርካ ወይ ንቢለን ወይ ንኩናማ ወይ ከኣ ንሓንቲ ካብዘን ናይ ከበሳ ኣውራጃታትና - ማለት ሓማሴን፡ ኣከለጉዛይ - ኢሉ እንተዝጠቅስ፡ ንዓና ንኤርትራውያን ኣዚዩ መሰከፊና ይመስለኒ!!) ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ እቶም ነጋውስ "ዓደ'ቦ" ክብሉ ከለዉ እቲ ሓሳብ ነታ ኢትዮጵያ ሙኳኑ እናደልደለ ዝመጸ ነይሩ። *"እናት ኣገር"* ይብሉዋ! ንኣብነት ሃጸይ ዮሃንስ እኳ፡ ተምቤን ዝመወለዶም ትግራዋይ፡ ንኢትዮጵያ ኢዮም ዓደ'ቦ ዝቖጽርዋ ዝነበሩ። ነዚ ኣነጺራ ተመልከት ብዙሓት ጸሓፍቲ ታሪኽ ዝጠቕሱዋ ናይ'ዞም ሃጸይ ዓሚቕ ዘረባ ኣላ። በ1887 ምስ ጣልያን ውግእ ንምግጣም ንሰሓጢ ክብገሱ ከለዉ ንመኳንንቶምን ንሰራዊቶምን *"እኔም ስለ እናቴ፡ ስለ ኢትዮጵያ ህይወቴን ልሰዋላት ሙሉ ፈቃድ ኣለኝ"* ድሕሪ ምባል ከምዚ ዝስዕብ ኣወጁ፤

> *"የኢትዮጵያ ልጅ ሆይ! ልብ ኣድርገህ ተመልከት! ኢትዮጵያ የተባለችው ኣንደኛ እናትህ ናት፤ ሁለተኛ ዘውድህ ናት፤ ሶስተኛ ሚስትህ ናት፤ ኣራተኛም ልጅህ ናት፤ ኣምስተኛም መቃብርህ ናት። እንግዲህ የእናት ፍቅር፤ የዘውድ ክብር፤ የሚስት ደግነት፤ የልጅ ደስታ፤ የመቃብር ካባቲነት (ታቃፊነት) እንደዚህ መሆኑን ኣውቀህ ተነሳ።"*[34]

ትርጓመ ትግርኛ ናይ'ዚ ኣዋጅ እነሆ፤

> *"ኣነ እውን ምእንቲ ኣደይ (ዓደቦይ) ምእንቲ ኢትዮጵያ ህይወተይ ክስውእ ድሉው ኢየ፤*
>
> *"ኦ ወዲ ኢትዮጵያ! ብልቢ ኣስተውዕል! እዛ ኢትዮጵያ ትበሃል ብቐዳምነት ኣዴኻ ኢያ፤ ካልኣይ ዘውድኻ ኢያ፤ ሳልሳይ በዓልቲ እንዳኻ ኢያ፤ ራብዓይ ውላድካ (ቆልዓኻ) ኢያ፤ ሓሙሻይ ከኣ መቓብርካ ኢያ። እምበኣር (ኢትዮጵያ) ከም ፍቕሪ ኣደ፤ ክብሪ ዘውዲ፤ ሕያውነት በዓልቲ እንዳ፤ ታሕጓስ ቆልዓን፤ ሑቕፊ መቓብርን ዕዝዝቲ ሙኳና ፈሊጥካ ተበገስ።"*

ንሃጸይ ዮሃንስ ዓደ'ቦ (እናት ኣገር) ክበሃል ከሎ ኢትዮጵያ ምንባራ ንጹር ኢዩ። እምበኣር ትግራዎት ፖለቲከኛታት በዚ ሎሚ ዓደቦና ትግራይ ኢያ ምባሎም ንመጻኢ ዕድል ሃገረ-ኢትዮጵያ ብዝርኢ እንታይ ኢዩ ትርጉሙ ወይ ኣገዳስነቱ? ንኤርትራ'ኸ ብኸመይ ክምልከታ ይኽእል? ንዝብል ሕቶታት የልዕል። ነዚ ሕቶታት'ዚ ንጐኒ ገዲፍና ንመጠን ድንፍዐን ዓይነትን ኤርትራዊ ዓደቦነት ዝምልከት ጉዳይ ነቕልበሉ።

33. ከማሁ፡ ገጽ 169

34. ተክለጻድቅ መኩርያ፡ ገጽ 471

**- ፯-**

ብዓይኒ ታሪኽ ክርአ ከሎ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ጥንታዊ ኣይኰነን፣ ኣዚዩ ዕሸል ኢዩ፡፡ ኤርትራ ዓደቦይ ኢ.ያ ዝብል ስምዒት ኣብ ሰፊሕ ህዝቢ ክድንፍዕ ዝጀመረ ምስ'ቲ ኣብ ጉዕዞ ብረታዊ ቃልሲ ዝነበረ መስዋእትን ስቅያትን ብሂረሰባዊ ምልላያትን ተተሓሒዙ ኢዩ፡፡ ንኣብነት ሓደ ኤርትራዊ ኣቦ ዓደቦኹም መን'ያ ተባሂሎም ምስተሓተቱ *"ኤርትራ፣ ኤርትራ'ያ ዓደ'ቦይ! ክልተ ደቀይ ንኤርትራ ተጋዲሎም፣ ንኤርትራ ተሰዊኦም እኮዮም!"* በሉ፡፡[35]

ከም ዓደ'ቦ እምበኣር ኤርትራ ብመሰረቱ ጥራይ ኢ.ያ ህልውቲ፡፡ ካብኡ ተረፈ ብዓቢኡስ ክትጥጥዕን ክትበስልን ክትተርርን ኣለዋ፡፡ ብኻልእ ኣዘራርባ ኤርትራ ከም ዓደ'ቦ ገና ኣብ መስርሕ ኢ.ያ ዘላ፣ ክትፍጸም ዘለዋ ዋኒን ወይ ዕማም (ፕሮጀክት) እያ፡፡

ዓደቦነት ብምስላታትን ምልክታትን ያታታትን ብሂላትን ዝተሰነየ ናይ ብዙሕ ሮቛሒታት ውሁድ ዝኾነ መንፈስን ባህርይን ኣለዎ፡፡ ዓደቦነት ኤርትራ ዕሸል ስለዝኾነ ነዚ ሮቛሒታት'ዚ እኹል ብዝኾነ መጠን ኣይውንኖን ኢዩ፡፡ ስለዚ እምበኣር ዓደቦነት ኤርትራ ብዙሕ ሓለዋን ክንክንን ዕንጋለን ዘድልዮ ኢዩ፡፡ ብኹሉ መዳያት - ማለት ብባህላዊ ንጥፈታት፡ ብኢኮኖሚያዊ ምዕባለ፡ ብናይ ዜናን ሓበሬታን ዕዮ፡ ብሕውነታዊ ዝምድና ብሂረሰባትና፡ ብብቕዓትን ቅንዕናን መደባት ትምህርቲ ንዓደቦነት ኤርትራ ዘጉልሕን ዘደንፍዕን ኣብ ጥንቁቕ መጽናዕቲ ዝተሰረተ ፖሊሲ ተሓንጺጹ ክትግበር ኣለዎ፡፡ ቆልዑ ዓደቦኦም ኤርትራ ሙኳና ብዘመልክት ምህሮ ክኽስኰሱ ኣለዎም፡፡ ደረስቲ ብጽሑፋቶም፣ ስነጥበባውያን ከኣ ብኹሉ ናይ ፈጠራ ስራሓቶም ንኤርትራዊ ዓደቦነት ከም ኣምር ንሙግላሕን ንምዕንጋልን ንኽዋፈሩ ክፍቀደሎምን ክተባብዑን ኣለዎም፡፡

ንዕብየትን ድንፍዐን ዓደቦነት ኤርትራ፡ ቅኑዕ ኣፍልጦ ወይ ተረድኦ ታሪኽና ማእከላዊ ኣገዳስነት ኣለዎ፡፡ ሓደ ካብ'ቲ ዓበይቲ ጸገማትና እምበኣር እዚ ኢዩ፡፡ ኢሳያስን ተሓባበርቱን ልኡኻቱን ካብ ቅድም ጀሚሮም ንናይ ርሑቕን ናይ ቀረባን ታሪኽ ሕብረተሰብና ዝጠምዘዘ ጽውጽዋያት ናብ ሰራዊቶምን ኣባላቶምን፣ ናብ ህዝብናን ህዝቢ ዓለምን ከይተሓለሉ ዘርጊሖም ኢዮም፡፡ ብናይ ሓሶት ታሪኽ ዝተሓጽበ ሰራዊቶምን ሰዓቢኦምን ንጸረ-ስምረት ውግኣት ምእዙዝ ኰይኑ፡ ከይተፈለጠ ንናይ በዓል ኢሳያስ ንኤርትራ ኣፍሪስካ ትግራይ-ትግርኚ ናይ ምህናጽ መደብ መጋበርያ ኾነ፡፡

እምበኣር ህዝብና ሓቀኛ ኣፍልጦ ታሪኽና መታን ክህልዎ ክፍጸም ዘለዎ ነገራት ብዙሕ ኢዩ፡፡ እቲ ዕማም ኣዚዩ ዝተሓላለኸ ኢዩ፡፡ ከምዚ ዝኾነሉ ምኽንያት እቲ ህዝቢ - ብፍላይ እቲ መንእሰይ - ሓቀኛ ታሪኽ ክመሃር ኣለዎ ጥራይ ዘይኰነ እቲ ሕጂ ፍልጠት ታሪኽ ኢሉ ሒዙዎ ዘሎ ሓሶት ቅድመ-ዝኣገረ ክድምሰስ ስለዘለዎ ኢዩ፡፡ መንእሰያት እቲ ዘለዎም ንታሪኽ ዝርኢ ተረድኦ ግጉይን ሓሶትን ሙኳኑ ከምዝኣምኑን ከምዝቕበሉን ክግበር ኣለዎ፡፡

ንዓይ ከምዝመስለኒ ገሌና ሓቀኛ ታሪኽና ንምፍላጥ ንፈርሕ ኢ.ና፡፡ ሓቀኛ ታሪኽና እንተፈለጥናን እንተኣመንናን ነጻነትን ሉዓላውነትን ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ዝኣቱ ኢዩ ዝመስለና፡፡ እዚ ግን ካብ የዋህነት ዝተበገሰ ፍርሒ ኢዩ፡፡ ብታሪኽ ምስ ኩለን ጐረባብትና ንዛመድ ኢ.ና፡፡ ነዚ ሓቅ'ዚ ምእማን ፈጺሙ ንነጻነትን ልዓላውነትን ኤርትራ ዝጻባእ ኣይኰነን፡፡

---

35. ኣለምሰገድ ኣባይ ገጽ 170

*ኣብ ምዕራባዊ ቆላ ዘለዉ ህዝብና ብታሪኾም ምስ ሕብረተሰባት ምስራቓዊን ማእከላዊን ሱዳን ይዛመዱ ኢዮም፤ እኳ ደኣ ሓደ ታሪኽ ኢዩ ዘለዎም፡፡ እቲ ትግርኛ ዝዛረብ ከበሳዊ ኸኣ ብታሪኹ ምስ ሕብረተሰባት ሰሜን ኢትዮጵያ ዝዛመድ ኢዩ፤ እኳ ደኣ ክሳብ ምትእትታው መግዛእቲ ጣልያን ዘሎ ታሪኹ ሓደ ኢዩ፡፡*

*ታሪኽ ክበሃል ከሎ ቀሊል ነገር ኣይኰነን፤ በዚ ዘመን'ዚ ከምዚ ኾነ'ዶ ከምቲ ኾነ ኢሉ ተረኺቦታት ጥራይ ዝነግር ጽውጽዋይ ኣይኰነን፡፡ ታሪኽ ንኣካይዳ ናይ ሓደ ህዝቢ ዝጸሉ ጥራይ ዘይኰነስ ቅርጺ ዘትሕዝ፤ ንመሰርሕ ስልጣነ ሓደ ህዝቢ ማእዝን ዝህብ፤ ንናይ መንነት ስምዒት፡ ንሃይማኖት፡ንባህሊ፡ ንቛንቋ፡ ንያታታትን፡ ክብርታትን ኩሉ ዝሓቖፈ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ብመልክዕ ውርሻታት ዝነብር ህያው ነገር ኢዩ፡፡ ሓቀኛ ታሪኹ ዝኽሕድ ህዝቢ ቅልውላው መንነትን ባህላዊ ድንግርግርን ከጥቅዖ፡ ብዛዕባ ኣሕዋቱ ዝኾኑ ጐረባብቲ ሕብረተሰባት ከኣ ግጉይን ኣዕናውን ግምት ክህልዎ ናይ ግድን ኢዩ፡፡*

*ንታሪኽ ብዝርኢ እምበኣር ንሕና ኤርትራውያን ክንፈልጦ ዘሎና ኣገዳሲ ነጥቢ ኣሎ፡፡ ታሪኽ ምስራቓዊን ማእከላውን ሱዳን ብኣሕዋትና በኒ-ዓምርን ካልኦት ሕብረተሰባት ምዕራባዊ ቆላን ኣቢሉ ይብጸሓና ኢዩ፡፡ ታሪኽ ኢትዮጵያ ኸኣ እንተወሓደ በቲ ትግርኛ ተዛራቢ ሕብረተሰብ ከበሳ ኣቢሉ ይብጸሓና ኢዩ፡፡ ነዚ ታሪኻት'ዚ ክንፈልጦ ኣሎና ጥራይ ዘይኰነስ ነዚ ሕጂ ዘሎና ሃይማኖታት ኰነ ባህልታት፤ ያታታትን ክብርታትን ሕግታት ስነ-ምግባርን ቅርጺ ዝሃበ - ኮታስ ንመንነትና ዝሃነጸ - ሱኻኑ ብምእማን ናትና ናይ ገዛእ ርእስና ኢዩ ኢልና ክንቅበሎ ይግባኣና፡፡ ንታሪኽና ክንፈልጦ፡ ነቲ ድኹምን ኣሉታዊ ጐኑ ከነለልዮን ክንጥንቀቐሉን፡ ነቲ ሃናጽን ኣዎንታውን ሸነኹ ከኣ ከነኽብሮን ክንኰርዓሉን ከነማዕብሎን ኣዚዩ ኣገዳሲ ኢዩ፡፡ ከምኡ ምስእንገብር ጥራይ ኢና ብኣካይዳናን ብዕላማናን፡ ብኣራኣእያናን ኤርትራ ዓደ'ቦና ሱኻና ከነንጸባርቐን ብግብሪ ከነመስክርን እንኽእል፡፡*

## *፯*

*ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ዓደቦነት ኤርትራ ብ40ታት ብምንቅስቓስ ትግራይ-ትግርኚ ተብዲሁ ነይሩ ኢዩ፡፡ እኳ ደኣ ትግራይን ኤርትራን፡ ከምቲ ተጠሊቡ ዝነበረ፡ ተደሚረን ሓደ ሃገር እንተዝኾና ነይረን እዛ ኣስላምን ክርስትያንን ብኣሃዛዊ ማዕርነት ዘለዉላ ኤርትራ ከይዳ-ኸይዳ ምፍንጫላ ኣይምተረፋን ነይሩ፡፡ ከመይ? ኣብቲ ትግራይ-ትግርኚ ተባሂሉ ክቐውም ዝተሓሰበ ሃገር፡ እቲ ክርስትያናዊ ኣካል ብቐጽሪ ዓብላሊ፡ እቲ ኣስላማዊ ሸነኽና ከኣ ብቑጽሪ ኣዚዩ ንኡስ ኰይኑ ሚዛን ብዝሒ-ህዝቢ (ድሞገራፊክ ባላንስ) ምተዘረገ ነይሩ፡፡ ስለዚ ኸኣ እቲ ኣብ ምዕራባዊ ቆላ ዘሎ ህዝብና ንኸይዕብለል ናብ ሱዳን ክንጽምበር ይሕሸና ብምባል ምንቅስቓስ ኣይምተረፎን ነይሩ፡፡ ናይቶም እንግሊዛውያን መደብ እውን ከምኡ ኢዩ ዝነበረ፡፡*

*ዝኾነ ኾይኑ ትግራይ-ትግርኚ ኣይተዓወተን፡፡ ኣቦታትና ሃገር ከይትፈናጨል ብምባል፡ ንፈደረሽን ከም ማእከላይ ፍታሕ ተቐቢሎም ሓድነት ኤርትራ ኣረጋጊጾም፡፡ ስለዚ እምበኣር እቲ ፈደረሽን መሰረት ዓደቦነት ኤርትራ ንኽቕጽል ኣስተዋጽኦ ገይሩ ኢዩ ክበሃል ይከኣል ኢዩ፡፡*

*በዚ ሎሚ እውን ዓደቦነት ኤርትራ ብሓንቲ ከይሲ ዝኾነት ኣምር ይብዳህ ኣሎ፡፡ እታ ኣምር እቲኣ ኸኣ እታ ኣቐዲመ ዘልዓልኩዋ መሰል ብሄራት ክሳብ ምግንጻል ትብል ኢያ፡፡ እዛ ሓሳብ'ዚኣ ከይዳ-ኸይዳ ኣብ'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎ ኣራኣእያ በዓል ኣቶ ስብሃት ነጋን ኣቶ ጸጋይ በርሀን ኢያ ትዓልብ፡፡ ከም'ቲ እዞም ክልተ መራሕቲ ወያኔ "ዓደ'ቦይ ትግራይ'ያ" (ኢትዮጵያ ከይኰነትስ ትግራይ'ያ) ዝበሉ ናትና ተጣበቕቲ መሰል ብሄራት ከኣ ዓደ'ቦይ ኤርትራ ከይኰነትስ ሓንቲ ካብ ብሄረሰባትና (ንኣብነት ኩናማ'ያ፡*

ቢለን’ያ፡ ትግረ’ያ ወይ ውን ንሓንቲ ካብ ኣውራጃታት ከበሳ ብምጥቃስ ኣከለ-ጉዛይ’ያ፡ ሓማሴን’ያ) ክብሉ ኢዮም ማለት ኢዩ፡፡ እዚ መርገጽ’ዚ ንዓደቦነት ኤርትራ ብዘይንሕስያ ዝቆራቑሶ ኢዩ፡፡

ንመሬታዊ ወይ ግዝኣታዊ ሙሉእነትን ንዓደቦነትን ኤርትራ ምጥባቕ ንትግራይ ምንጻግ ኣይኮነን፣ ከምኡ ተባሂሉ ኸኣ ክትርጎም የብሉን፡፡ ነዛ ነጥቢ እዚኣ ከስምረላ እደሊ እየ፡፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክልተ ዝተፈላለያ ነናተን ልዑላውነት ዘለወን ሃገራት እኳ እንተኾና ኣብ ሞንጎ ክልቲአን ብኹሉ መዳያት ሕውነታዊ ዝምድናታት ዘይህልወሉን ዘይምዕብለሉን ምኽንያት የልቦን፡፡ ኤርትራን ትግራይን እሞ ኸኣ ብቐጥታ ዝዳወባ ስለዝኮና ዝምድናኤን ናይ ግድን ሓለፉ ኣለዎ፡፡ ብፍላይ እቲ ኣብ ዶባት ዘሎ ህዝብታት ኤርትራን ትግራይን ንዘመናት ክተኣታቶን ክተሓዋወስን ዝጸንሐ ኢዩ፡፡ እኳ ደኣ ነዚ ህዝብታት’ዚ እቲ ናይ ዶብ ሕንጻጽ ተግባራዊ ትርጉም የብሉን፤ ኣይረኣዮን ኢዩ እውን፡፡ ስለዚ ምስ ተጋሩ እቲ ጥንታዊ ዝምድና ከም ቀደሙ ንኽቅጽል ዝኽልክል ነገር የልቦን፡፡

ነዛ ንመሰል ብሂራትን ሓድነት ኤርትራን እትምልከት ርእይቶይ እምበኣር ተጋሩ ኢትዮጵያውያን የሕዋትና በታ ትውፈየላ ዘላ መንፈስ ምሕዝነትን ሰላምን ንኽስተማቕርዋ ከዘኻኽር እደሊ፡፡

ንዓደቦነት ኤርትራ ኣጋጢሙዎ ንዘሎ ዘስደምም ጸገማትን ከቢድ ብድሆታትን ኣሕጺረ ድሕሪ ምድህሳስ፡ ናይ ምሕጽንታ ቃና ብዘለዎ ቛንቋ መልእኽተይ እድምድም እነሆ፡፡

ከም’ቲ ኣብ መኸፈቲ ዘረባይ ዘመልከትኩዎ ኢትዮጵያ ሕጂ ኣብ ዘመን ድሕረ-መለስ ኣትያ ኣላ፡፡ ሕልፈት ሓደ ኣብ ምምራሕ ሃገር ዓቢ ግደን ጽልዋን ዝነበሮ ባእታ ኣገዳሲ ምዕራፍ ኢዩ፡፡ ኣገዳሲ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ ሳዕቤናት ስለዘለዎ ወይ ክህልዎ ስለዝኽእል ኢዩ፡፡

ህዝባዊ ወያኔ ካብ ግዜ ብረታዊ ገድሊ ኣትሒዞም ክሳብ እዛ እዋን እዚኣ ንጉዳይ ኤርትራ ብዝርኢ ዓቢ ተራ ነይሩዎም፣ ገን እውን ኣለዎም፡፡ ብመሪሕነት መለስ ዜናዊ ክሳብ ሕጂ ዝሰዓብዎ ሰትራተጅን ሜላን ንውልቀ-መላኺ ኢሳያስን መዳርግቲ ዘይብሉ ኣራዊታዊ ስርዓቱን ብመሰረቱ ጠቒሙዎም እንተዘይኮይኑ ኣይጎድኦምን፣ ብኣንጻሩ ኸኣ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓቂ ጕዲኡዎ፣ ሃገርና ገሃነም ንኽትከውን ኣስተዋጽኦ ገይሩ፡፡

ኣቶ መለስ ከም ውልቀ ሰብ ዝድነቕ ኣኻእሎ ከምዝነበሮ ብዙሕ ተዓዛቢ ዝምስክሮ ኢዩ፡፡ ኣነ እውን ብብቕዓቱን መንፍዓቱን ኣዚዮም ካብ ዘድንቕዎ ሓደ ኢየ፡፡ ንኤርትራ ብዝርኢ ብዝተግበሮ ፖሊሲ ግን ቅድሚ ሕጂ ኣየመስገንኩዎን፣ ሕጂ እውን ኣየመስግኖን ኢየ፡፡ ሕጂ-ሕጂ ነፍሰ-ሄር መለስ ናይ ፖሊሲ ለውጥታት ንምግባር መደብ ነይርዎ፣ ክትግብሮ እውን ጀሚሩ ነይሩ ዝብል ዘረባታት ይድህ ኣሎ፡፡ እቲ ክትግበር ዝተባህለ ለውጥታት - ሓቂ እንተኾይኑ - ነቲ ኣብ’ዚ መልእኽት’ዚ ሰፊሩ ዘሎ ጉዳያት ክሳብ ክንደይ ክምልከቶ ይኽእል ከምዝነበረ በዚ እዋን’ዚ ከረጋግጸሉ ዝኽእል መንገዲ የብለይን፡፡

ዝኾነ ኾይኑ፡ ሕጂ ሓዲሽ ኩነታት መጺኡ ኣሎ፤ እዚ ሓዲሽ ኩነታት’ዚ ኸኣ ንህዝባዊ ወያኔ ኣብ ኣካይዳኦም ለውጥታት ንኽገብሩ ዕድል ከፊቱሎም ኣሎ፡፡ ንዝሓለፈ ኣካይዳኦም ብዘይ ቃል-ዓለም ገምጊሞም፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ’ዚ ሕጂ ዘለዎ ዓዘቕቲ ንኽወድቕ ንሳቶም እውን በየናይ መልክዕ ኣስተዋጽኦ ከምዝገበሩ ብንጽህና ክመራመሩ ኣለዎም፡፡ ካብ’ዚ ተበጊሶም ሓድነትን ሉዓላዊነትን ዓደቦነትን ኤርትራ መታን ክጥጥዕ፡ ጽቡቕ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ከኣ መታን ክድልድልን ክዓብን፡ እቲ ዘድሊ ጸገናታት ንኽገብሩ እምሕጸን ኣለኹ፡፡

## **መወከሲ** (Bibliography)


Alemseged Abbay, *Identity Jilted or Re-Imagining Ide?*, (Lawrenceville, NJ: The Red Sea Press, 1998)

Alemseged Abbay, "The Trans-Mereb Past in the Present", *The Journal of Contemporaray African Studies*, vol. 35, No. 2, (1997)

Amare Tekle, "*The Creation of the Ethio-Eritrean Federation: A Case Study in the Post War International Relations (1945-1950),*" PhD dissertation, University of Denver, 1964.

Richard Greenfield, "Pre-colonial and Colonial History", in Basil Davidson, Lionel Cliffe, and Bereket Habte Selassie, *Behind the War in Eritrea*, (Notingham: The Spokesman Press 1980)

Rene Lefort, *Ethiopia: An Heretical Revolution?* (London: Zed Press, 1983)

Medhane Tadesse, *The Eritrean-Ethiopian war: Retrospect and Prospects*, (Addis Ababa: Mega Printing Enterprise, 1999)

John Spencer, *Ethiopia*, *The Horn of Africa and US Policy* (Cambridge, Mass.: Institute for Foreign Policy Analysis, 1977)

Tekeste Negash, *Italian Colonialism in Eritrea, 1882-1941: Policies, Praxis and Impact*, (Uppsala: Acta Universitatis Upsaliens, 1987)

US Congress, Sub Committee on African Affairs, *Ethiopia and the Horn of Africa, Hearings*, 94th Congress, 2nd Session, Aug. 4, 5, and 6, 1976.(Washington, D. C.)

Maurizio Viroli, *Republicanism*, (New York: Hill and Wang, 1999)

ኣለምሰገድ ተስፋይ፣ *ኣይንፈላለ 1941-1950* (ኣስመራ፣ ሕድሪ፡ 2001)

*ረድኢ መሓሪ፣ ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ፣* (ኪቸነር፡ ኦንታርዮ፣ ኣለና፡ 2012)

ተክለ ጻድቕ መኩርያ፣ *ዐፄ ዮሃንስ እና የኢትዮጵያ ኣንድነት* (ኣዲስ-አበባ፣ ኩራዝ ኣሳታሚ ድርጅት፡ 1982)


---


Copyright © 2012 by Tesfatsion Medhanie.

መሰል ደራሲ © 2012 ተስፋጽዮን መድሃኔ፡፡፡